
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.200 | ቀዳም 20 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ማይ-ወለድ ሕማማት



ገጽ 3
ኣንበጣ.ገረብ

ገጽ 4
መባእታዊ ኣምራት ምኽሪ

ገጽ 6
ጽሩይ ገዛ፡ ጥዑይ ኣእምሮ

ገጽ 11
ማይ-ተመናይ፡ ኣብ ውድእግዜ ካብ ኣስመራ ቢራ.ንጥቢ ወሲዳ




## ጋሽ-ባርካ - ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምውሓስ ውጽኢታዊ ተበግሶ ተወሲዱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምውሓስ - ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ኮሚተታት ብምቛም ዝተወስደ ተበግሶታት እወታዊ ወጽኢት ከምዝሃበ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ብ13ን 14ን ሚያዝያ ኣብ ተሰነይን ባረንቱን ኣብ ዝተቓነዐ ካብ ንኡሳን ዞባታት ጎልጅ፡ ሃይኮታ፡ ፎርቶ-ሳዋ፡ ጎጎኔ፡ ተሰነይ፡ ላዕላይ-ጋሽ፡ ባረንቱ፡ ሻምብቆ፡ ሞልቀን ሞጎሎን ዝተዋጽኡ - ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ኣደን ህጻንን ክተጥፉ ዝጸንሑ ኣካላት ኣብ ዝተሳተፍዎ ገምጋማዊ ኣኼባ እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኩብቡ፡ ምርግጋጽ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ጉዳይ ስለዘይኮነ፡ ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት - ምስ ሰብ ሞያ ጥዕናን ጸለውቲ ኣካላት ሕብረተ-ሰብን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ወጽኢት ናይ'ቶም ሞት ኣደን ህጻንን ንምግታእ ኣብ 2023 ኣብ ተሰነይ፡ ባረንቱ፡ ኣቑርደትን ከርከበትን ዝተኻየዱ ዋዕላታት ምርኩስ ብምግባር ዝተተግበሩ መደባት ኮይኖም እንከለው፡ ኣብ'ዚ ኣርእስቲ እዚ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ኣዴታት ድማ ብፍላይ ክብ ምባሉ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና ስድራቤትን ኮምን ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ ኑረዲን፡ ኣብ 2023 ማጠን ሞት ኣዴታት ብ40 ሚእታዊት ከምዝኾደለ ኣረዳኣ።

ኣብ ትካላት ጥዕና ናይ ዝሓርሳ ኣዴታት ብዝሒ ኣተኣባዪ ከምዝሎ ዝጠቐሰ ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ወጽኢት ክዕቀብን ዝተወሰደ ኣበርታዊ ተበግሶታት ክሰፍሕን ኣተሓሳሰበ።



## ምምሕዳር ዞባ ማእከል ን24 መማህራን ኣተባቢዑ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ዳግማይ ተፈተንቲ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ንዘኸሱና ኣባላት 34ን 35ን ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ሰማቤል ኣብ ምምሃር ክተጥፉ ንዝጸንሑ 24 መማህራን ኣተባቢዑ።

ብ18 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ኣቶ ተኪኤ ቀለታ፡ እቲ መደብ ሳላ ተወፋይነት ናይ'ቶም መማህራን ብዝምዝብ ወጽኢት ከምዝተዛዘመ ብምሕባር፡ ሞያዊ ክፋሎም እውን ብጸቢቕ ይቕጽል ከምዝሎ ገሊጹ።

ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ - መምህር ሰመረ ሱልጣን፡ እቲ መደብ ንሽውዓተ ኣዋርሕ ከምዝቐጸለ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ድማ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ንዝወሰዶ ተበግሶ ብምምስጋን፡ ኣብ መጻኢ ተመሳሳሊ መደብ ኣብ ዝሕሰበሉ - ኣቓዲሞ ዘድሊ ምድላዋት ክግበር ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም መማህራን፡ ካብ ኣድ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን፡ መተባብዒ ገንዘብን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሎም።




## ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ናይ ልምዓት ንጥፈታት ተሰላሲሉ



ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብምኽንያት ባእቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2024፡ “ሞያዊ ብቕዓት፡ ደራኺ ንልምዓት!” ብዝብል ቴማ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ከሰላስል ጀሚሩ።

በዚ መሰረት፡ ምስ ‘ቅኦ ምግራብ’ ብዝተኣሳሰር፡ ካብ ትሸዓተ ትካላት ዝተዋጽኡ 248 ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ከባቢ ደምቡዛውል ማይን ሓመድን ናይ ምዕቃብ ስራሓት ኣካይዶም።

እቲ ብ17 ሚያዝያ ዝተኻየደ ማእቶት፡ ምዝላይን ምድላው ንፈልሲ ዝኸውን ጉዳጉዲን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ካብ ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ኮንፌደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

እቶም ወፈር፡ እዚ ናይ ደምቡዛውል ስራሕ መቐጸልታ ናይ'ቲ ካብ 2011 ኣትሒዙም ከሰላስልዎ ዝጸንሑ ልምዓት ከምዝኾነ፡ ወጽኢቱ እናሓደረ የሐጉሶም ከምዘሎን ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ትሕቲ ሃብሴ ዝተወደቡ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ዝተዋጽኡ ልዕሊ 5 ሽሕ ሰራሕተኛታት፡ ልዕሊ 15,000 ፈልሲታት ገረብ ከምዝተተኸሉ ተፈሊጡ።

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ባእቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2024 ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ንዝርከቡ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት፡ ሰሚናራት፡ ዓውደ-ዘተ፡ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትን ስፖርታዊ ጸወታታትን ከምዝዳሎ ይሕብር።

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
መድሃኔ ጺጋይ

# ኣንበጣ ገረብ

## ባህርያት፡ ኩለላን ቍጽጽርን

ኣንበጣ ገረብ፡ ሓደ ካብ ሳገምቲ ባልዓት ኰይኑ፡ ብዕስለ ወይ'ውን ብብሕቲ ዝንቀሳቐስ ባልዕ እዩ። ኩሎም ዓይነት ባልዓት፡ ኣብ ዘራእትን መጋሃጫን ማህሰይቲ ዘውርዱ'ኳ እንተኾኑ፡ ነዚ ባልዕ ሓደገኛ ዝገብሮ ግና ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብፍጥነት እናበረረ፡ ኣብ ልዕሊ ኣግራብን መጋሃጫን ዕንወት ስለ ዘስዕብ'ዩ። ኣብ ሃገርና ተርእዮ ኣንበጣ ገረብ ውሑድ እኳ እንተነበረ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት ግን ዝርጋሐኡ እናወሰኸ ብምምጽኡ ኣብዚ እዋን ሓደገኛ ባልዕ ኮይኑ ይርከብ። ብዛዕባ'ዚ ባልዕ ዝምልከት እተዳለወ ጽሑፍ፡ ቀዳማይ ክፋሉ ይስዕብ፦

### ድሕረ ባይታ

መብዛሕትኡ እዋን፡ ኣንበጣ ብብሕቱው ኣገባብ ፋሕ ኢሉ ይነብር። ኣብዚ ደረጃ ዝርከብ ኣንበጣ፡ ኣሰካፊ ጉድኣት ኣየስዕብን እዩ። ኣንበጣ ንኸፋረ ምቹእ ኩነታት ምስ ዝረክብ ግና ጉጅለን ዕስለን ክምስርት ይጅምር። ሓደ እኹል ኣንበጣ፡ ማዕረ ክብደቱ ማለት 2 ግራም ንመዓልቲ ይምገብ።

### ዝርጋሐ ኣንበጣ ገረብ

ኣንበጣ ገረብ፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘሎዎ ባልዕ እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ዞባ ሳሕል ዝርከባ ሃገራት ማለት ኬፕ-ቨርደ፡ ሞሮኮ፡ ማውሪታንያ፡ ማሊ፡ ኒጀር፡ ጫድ፡ ናይጀርያ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ኤርትራ ይዝርጋሕ።

ኤርትራ፡ ሓንቲ ኻብተን ንምርባሕ ኣንበጣ ገረብ ምቹእ ኩነታት ዘውንና ሃገራት ኰይና፡ ኣብ ምዕራባዊ ቀላታት ብብዝሒ ይፋረ። ለበዳ ኣንበጣ፡ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ምቹእ ክሊማዊ ኩነታት ይኽሰት። ኤርትራ፡ መሬታ ንለበዳ ኣንበጣ ምድረ-ብዳ ዝተቓልዐ ስለዝኾነ፡ ደረጃኡ ደኣ ይፈላለ እምበር ወትሩ ኣብ ቀጻሊ ወፍሪ ቁጽጽር ክትጽመድ ትግደድ። ኣብዚ እዋን ከኣ ለበዳ ኣንበጣ ገረብ ተወሲኽዎ ዘራእትን መጋሃጫን ከየድፈረት፡ ኣብ ዘየቋርጽን ኣድማዕን ዝኾነ ቁጽጽር ኣንበጣ ትርከብ።

### ንኣንበጣ ገረብ ሓደገኛ ዝገብሩዎ ረቛሒታት

- ሳጋምን ኣብ ግዜ ለይቲ ዝንቀሳቐስን ብምዃኑ
- ብብዝሒ ስለ ዝራባሕ፡ ሓንቲ ኣንስተይቲ ኣንበጣ ገረብ ኣብ ዕድሚኣ ክሳዕ 300 እንቋቑሖ ስለ እትጸፊ
- ሓደ ኣንበጣ፡ ኣብ መዓልቲ ማዕረ ክብደቱ ማለት 2 ግራም ስለ ዝምገብ
- ምስ ኩነታት ክሊማ ባህርያቱን ሕብሩን ስለዝቕያይር።

### ዑደት ህይወት ኣንበጣ ገረብ

ኣንበጣ ገረብ፡ ብተመሳሳሊ ከም ናይ ኣንበጣ ምድረ-ብዳ፡ ብሓፈሻ ሰለስተ ደረጃታት ዑደት ህይወት ከሕልፍ እንከሎ፡ እንቋቑሖ፡ ኩብኩብታን እኹል ኣንበጣን ተባሂሎም ድማ ይጽውዑ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደረጃ ዕብየት ምስ ኣንበጣ ምደረ-ብዳ ዝመሳሰል ዝተፈላለየ ባህርያት ኣሎዎ።

### ደረጃ እንቋቑሖ

- ኣንስተይቲ ኣንበጣ ምስ ተባዕታይ ድሕሪ ምርኻብ፡ ክጫጪሕ ዝኽእል እንቋቑሖ ትጸፊ፣ እቲ እንቋቑሖ ድማ ኣብ ለቑታ-መሰል ተሸፊኑ ብእኩብ ይውለድ። ቅርጺ ናይቲ እንቋቑሖ ንፍረ-ሩዝ ይመስል።
- ኣንስተይቲ ኣንበጣ እንቋቑሖ እትጸፍየሉ ቦታ ብመጠኑ ጠልን ሙቐትን ዘሎዎ ፈኩስ ወይ ሑጻዊ ዓይነት ሓመድ እዩ።
- ዝተጸፍየ እንቋቑሖ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልትታት ይጫጭሕ።

### ደረጃ ኩብኩብታ

- ዝተጫጭሑ እንቋቑሖታት ካብ ውሽጢ መሬት ንላዕሊ ብምውጻእ ኣብ ሓጸርቲ ኣግራብ ይድይቡ።
- ለበዳዊ ኩብኩብታ፡ ጸሊም ነጠብጣብ ዘሎዎ ብጫ ሕብሪ ይውንን። ብሕታዊ ኩብኩብታ ኸኣ ጸሊምን ጻዕዳን ነጠብጣብ ዘሎዎ ቀጠልያ ሕብሪ ይውንን። ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ኣብ ዝሰጋገሩሉ እዋን መስርሕ ምግፋፍ ላዕለዋይ ሽፋን (Moulting) የካይዱ።

### ባህርያት ኩብኩብታ-ሓለፍ (Fledgling)

- ኩብኩብታ-ሓለፍ፡ ናይ መወዳእታ ደረጃ ዕፉፈቱ ዝገፈፈ እዩ
- ኣብዚ ደረጃ ምስ በጽሐ ክብደቱ እንተዘይኮይኑ ግዝፈ ኣይውሰኽን፡
- ኣብ መጀመርታ ኣዝዩ ልሙሉምን ለምባእባእ ዝብልን ይኸውን፡
- መንፈርፈሩ ድማ ጭብጥብጥ ዝበለ እዩ፡
- ድሕሪ 10 መዓልቲ መንገብገቡ ተሪሩ ክነፍር ይጅምር፡
- ኣብ ለበዳዊ ገጽታ፡ ቀያሕታይ ሕብሪ ኣሎዎ፡
- ኣብ ብሕታዊ ገጽታ ኸኣ ፋሕሻው ሕብሪ ይሕዝ።



### ዝበጽሐ ወይ እኹል ኣንበጣ

- ልክዕ ከም ናይ ኩብኩብታ ሓለፍ ኣንበጣ ገረብን ኣንበጣ ምድረ-ብዳን፡ ሕብሪ ለበዳዊ እኹል ኣንበጣ ገረብ ቀያሕታይ እዩ፡
- ሕብሪ ብሕታዊ እኹል ኣንበጣ ኸኣ ሓሙኽሽታይ ወይ ቡናዊ መሰል እዩ።

### ፍልልይ ኣንበጣ ኣብ ለበዳውን ብሕታውን ገጽታ

1. ብሕታውያን

- ጉጅለ ኣይምስርቱን፡
- ብውልቂ ወይ ብተናጸል ይሰፍሩ፡

2. ለበዳውያን

- ብሓደ ናይ ምትእኽኻብ ባህሪ ስለዘሎዎም፡ ጉጅለ ይምስርቱ፡
- ብሓባር ይሰፍሩ፡ ይንቀሳቐሱን ይምገቡን፡
- ካብ 100-200 እንቋቑሖ ይጸፍዩ።

### ኩለላ ኣንበጣ ገረብ

ኩለላ ማለት ብዛዕባ ኣንበጣ ሓበሬታ ምእካብ እዩ። ኩለላ፡ ኩነታት ኣንበጣ ገረብ ንምፍላጥ ኣብ እዋን ምቹእ ክሊማ ይትግበር። እቲ ዝእከብ ሓበሬታ ንጹርን ኩሉ ዘማልአን ክኸውን ይግባእ። ኩለላ፡ ኩሉ ግዜ ብውጥን ክምራሕ፣ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኸኣ ብቕልጡፍ ንዝምልከቶ ኣካል (ቤ/ጽ ሕርሻ ወይ ምምሕዳር) ክበጽሕ ይግባእ። ሃገርና እተካይዶ ስሩዕ ኩለላ፡ ሕመረት ዓወት ወፍሪ ቍጽጽር ኣንበጣ ምዃኑ ይፍለጥ። እዚ፡ ለበዳ ኣንበጣ ገና ከይሳዕረረን ዓቢ ለበዳ ከይፈጠረን ስጉምቲ ንምውሳድ የኽእል።

### ምድላው ንኹለላ

ንኩለላ ዘድሊ መሳለጥያ ኣቐዲምካ ምቕራብ ኣገዳሲ ኢዩ። ጂ.ፒ.ኤስ፡ ቅጥዒ መእከቢ ሓበሬታ ኩለላ፡ ብርዒ (ቢሮ)፡ ርሳስን ደብተርን ገለ ካብቶም ኣቐዲሞም ክቕረቡ ዘለዎም ኣገደስቲ ናውቲ ኩለላ እዮም።

### ኩለላ ኣበየናይ እዋን ይካየድ?

ኩለላ፡ ኣንበጣ ኣብ ዝፈርየሉ ወቕቲ ይካየድ። ንኣብነት፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ወቕቲ ክራማት ከበሳ ካብ ወርሒ ሰነ ክሳዕ ጥቅምቲ ስለ ዝፋረዩ፡ ናይ ኣዝመራ ዝናብ ኣብ ዝጅምረሉን ውሕጅ ኣብ ዝወርደሉን እዋን ኣብ ምዕራባዊ ቀላታት ስሩዕን ዘየቋርጽን መደብ ኩለላ ይካየድ። ከምኡ'ውን ሓበሬታ ተርእዮ ኣንበጣ ክመጽእ ከሎን ቀልቀል ኣንበጣ ኣብ ዝተራእየሉ ቦታታት ወዘተ. ይሰላሰል።

### ስሩዕ ኩለላ ብመን ይካየድ?

- ብኽኢላታት ሳገምቲ ባልዓት
- ብሰካውት ናይ ኣንበጣ ወይ ብፍሉይ ብዝሰልጠኑ ኣባላት



### ኣገባብ ኩለላ

- ኩለላ ብእግሪ፡ ብመጽዓኛ ብመኪና ከከም ኩነታትን ኣቀማምጣ መሬትን ክካየድ ይኽእል።

### ኣድላይነት ኩለላ

ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቕሰ ኣገባብ ዝተኻየደ ኩለላ፡ ሽሕ'ኳ ኣድካሚ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትትን ይኹን ኣድማዒ እዩ። ኣብ እዋን ኩለላ ዝረኽብናዮ ሓበሬታ፡ ምስቲ ኣብ ከባቢ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ክሊማ ብዝሒ ኣንበጣን ብምዝማድ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊዶ ኣየድልን ንምውሳን የኽእለና። ብተወሳኺ ኩለላ ናይ መጻኢ ኩነታት ኣንበጣ ንኽንትንበ የኽእለና። ኩለላ ምስ ተኻየደ፡ ብዛዕባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ብዝቐልጠፈ ንዝምልከቶ ኣካል ምሕባር ኣገዳሲ እዩ።

### ኣብ እዋን ኩለላ ዝእከብ ሓበሬታ

ኣብ እዋን ኩለላ እንእክቦ ሓበሬታ እዚ ቐጺሉ ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልእ ይግባእ፦
- ስም ኩለላ ዝተኻየደሉ ፍሉይ ቦታ
- ጂኦግራፊያዊ ማእዝን (coordinate
- ኩነታት ሓምላይ ሽፈነ
- ኩነታት ዝናብ
- ህላውነት ኣንበጣ፡ ሰፍሓቱ ኩነታት ምንቅስቓሳቱን ጻዕቂ ወዘተ. ብተወሳኺ፡ ደረጃ ዕብየት ኣንበጣ ማለት፦ ኩብኩብታ ድ እኹል ኣንበጣ ብዝርዝር ምቕራ ኣድላዪ እዩ።

. . . ይቕጽ

### ምድላው ሓምሊ ብጉዕ ባናና

#### ዘድልዩ ጥረ ነገራት

- 1 ኪሎ-ግራም ዘይበሰለ/ጉዕ ባናና
- ½ ኪሎ ትሕዝቶ ካብ ኣሕምልቲ ሓምሊ (ስፒናች፡ ቆስጣ፡ ኣድሪ፡ ካውሎ ወይ ካውሎ-ፍዮሪ)
- ¼ ኪሎ ካሮት
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎም ዓካራት ቀይሕ ሽጉርቲ
- 4 ሓባ ኮመደረ
- 2 ሓባ ማእከላይዝዓቐኑ ጉዕ-በርበረ
- 2 ማንካ-ሻሂ ጻዕዳ ሽጉርቲ
- 80 ሚሊ-ሊትር ዘይቲ
- ጨው (ከም ኣድላይነቱ)

ኣገባብ ኣሰራርሓ፦

ዘይበሰለ ጉዕ (ቀጠልያ) ባናና ምስ ቅራፉ ጠጢቕና ብምዝሓል፡ ቀሪፍና ንመትሮ። ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ካሮትን ዘይትን ሓዋዊስና ንቐልዎ። ቀጺልና ዝመረጽናዮ ዓይነት ሓምሊ መቲርና፡ ምስ'ቲ ኣቐዲምና ዝቐለናዮ ትሕዝቶ ነብስሎ። ክወርድ ኣብ ምቕራቡ፡ በሲሉ እተመትረ ጉዕ ባናና ኣእቲና ነወሃህዶ።
ኣብ መወዳእታ፡ ጉዕ-በርበረን ጻዕዳ ሽጉርትን ወሲኽና፡ ድሕሪ ናይ 2-3 ደቓይቕ እዋን ንእንግዶት ድሉው ንገብሮ።

**ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ሽባብ
ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ.

ሕቶ ሽባብ
ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምሉ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# መባእታዊ ኣምሯት ምኽሪ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ዓምዲ ሕቶ ሽባብ፡ ንሎሚ ብዘይካ'ቲ ብተለፎን እንህቦ ኣገልግሎት ምኽሪ፡ ኣብ መንጎ መኻሪይን ተመካሪይን ክህልዉ ዘለዎም መሰረታውያን ኣምራት፡ ብጽሑፍ ከነቕርበልኩም መሪጽና ኣሎና። ሰናይ ንባብ።

ምኽሪ፡ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ጸቕጢ ንዘፈጥሩልካ ወይ ሓገዝ ኣብ እትደልየሉን እዋን፡ ጸገማትካ ንምፍኳስ ብልምዲ ወይ ብተመኩሮ ዝተጠርዩ ኣብነታት ብምውካስ፡ ኣብቲ ኣጋጢምካ ዘሎ ጉዳይ ኣመለኻኽታ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሜላ'ዩ። እዚ ድማ፡ ብመሳቱን ዓበይትን፡ ወለዲ፡ ኣሓት፡ ምምህራን፡ ጐረባብትን ካልኦትን፡ ካብቲ ኣስፊልካሉ ዘለኻ መንገዲ ንምምእዛን ዝወሃብ ምዕዶ ክኸውን ይኽእል።

ምኽሪ ካበይ ይርከብ?

ምኽሪ ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክርከብ ይከኣል'ዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብቐጥታ እትረኽቦም ግዱሳት ሰባት፡ ወለንታዊ ኣገልግሎት ካብ ዝህባ ዝተፈላለያ ማሕበራትን ትካላትን፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መደበራት፡ ማእከላት ጥዕናን ሆስፒታላትን ክርከብ ይከኣል። ብተወሳኺ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝፍነዉ ሞያዊ መደባት፡ ቀጥታ ምስ ሰብ ተመኩሮ ብምልዛብ ክርከብ ይከኣል።

ሞያውያን ኣማኸርቲ፡ ብዓውዲ ምኽሪ ወይ ስነ-ልቦና ዝተማህሩን ኣብ ሞይኦም ብዙሕ ዝተመኩሩን ኮይኖም፡ ንዝኾነ ዝመጽኦም ሽግራት ኣማራጺ ሓሳባት ብምቕራብ፡ ጸገምካ ንምፍኳስ ብሜላ ንነገራት ብምርኣይ ብልቦና ዝሕግዙ፡ ብእምነት ምስጢር ዝዕቅቡን ሰብ ሞያ'ዮም። እዚኦም ኣረኣእያኻ ንኽትቅይርን ጋሪዶምኻ ንዘለዉ እንተታት፡ ንቕሓት ብምፍጣር መከላኸሊ ዕርዲ ንኽትሃንጽ መረዳእታ ንኽፈጥሩልካ ሞያዊ ሓላፍነት ዝሰከሙ'ዮም።

ምኽሪ ዝልግስ ሰብ፡ ካብ ዝተፈላለየ መኣዝን ንዝመጽኡዎ ጉዳያት፡ ወገናዊ መርገጺ ከይሓዘ ዝፈርድ፡ ብዘይ ሻራውነት ኣማራጺ ሓሳባት ዘቕርብ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ርእሲኡ ትሰፋው ባህርያት ዘውንን ዘቕርቦም ሓሳባት ኣብ ፍረ ከም ዝበጽሑ ዝኣምን ክኸውን ይግባእ።

ኣማኻሪ፡ ንብድሆታት ጸቕጥን ብኹሉ ዓቕሙ ብተወፋይነት ዝገጥም፡ እወታዊ ስጉምቲ ንኽውሰድ ዘተባብዕ ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ ንጸቕጢ ከምርሑ ዝኽእሉ ጉዳያት፡ ዘለዎም ማሕበራውን ባህላውን ፍልልያቶም ብምግንዛብ፡ ብዓቕሊ ዝግባእ ፍታሕ ንምንዳይ ዝሰርሕ ብዓል ሞያ'ዩ።

ሓደ ኣማኻሪ ክላብሶም ዘለዎ ባህርያት፡ ክፍለጥን ክዝርዘርን ኣገዳሲ'ዩ። ኣማኻሪ ሕዉስን ምቕሉልን ጠባይ ዘውንን፡ ምኽሪ ደልዮም ንዝመጽኡ ሰባት፡ ኣሚኖም ከም ዝመጽኡ ተረዲኡ፡ ፈኹሶም ኢሂን ምሂን ንኽብሉ ዝኽእል፡ ዕድመ ብዘየገድስ መዘንኦም ኮይኑ ክቐርቦም ይግባእ።

ማዕረ-ማዕሪኡ ንዝመጽእዎ ስምዒታትን መረረታትን ብህድኣት ብምርዳእ፡ ዘድንቕ። ብኣቃራርብኡን ኣቃውምኡን ምቹእ ሃዋህው ብምፍጣር፡ ንተገልገልቲ ኣብ ኣእምሮኦም ዘሎ ሓሳባት ብዘይ ሕብእብእ ባህ ኢልዎም ከካፍልዎ ዘተባብዕን ጽን ኢሉ ዝሰምዕን ክኸውን ይግባእ።


ኣብ ርእሲኡ ክእለት ምስትውዓል ዘውንን፡ እዚ ግበር ወይ ኣይትግበር ዝብል ዘይኮነ፡ ንተገልጋሊ ኣምራጺታት ዘቕርብ'ዩ። ብልዙብ ኣዘራርባ ጸገም ብጸዩ ከም ናቱ ብምርዳእ ስምዒት ብጸዩ ዝርዳእ፡ ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙ ብድሆታትን ጸገማት ብዓቕሊ ክስገሩ ከም ዝኽእሉ ዘእምን'ዩ።

ብቕርጡውን ገላጽን ቃላት፡ ትስፉዋት ዝብሃሉ ሰባት፡ ንህይወት ከም ሓቀኛ ግጥም እምበር ከም ቍማር ገይሮም ከይርእይዋ ዘእንፍት'ዩ። እንተ ተበጊሶካ ድማ ዓወት ከም ዘሎ ዝሕብር'ዩ።

ኣማኻሪ፡ ኣብ ስርሑ ንዘጓነፈ ብድሆ ኣብ ምፍኳስ ብተወፋይነት ዝጽዕት፣ ኣብ ኣተሓሕዛ ኣናብባን ሰባት ሰብኣውነት ዝኽተል ክኸውን ይግባእ። ኣብ ርእሲኡ፡ ብዝተፈልየ መልክዕ ንህይወት ዓማዊሉ ዘቕንዕ፡ ንዝህቦ ሓበሬታ ብረብሓ ገዛእ ርእሶም፡ ስድራቤቶምን ሃገሮምን ከጠምቶም ዝኽእል ድርኺት ዝፈጥር'ዩ። ብኻልእ ወገን ባህላዊ ድሕረ-ባይታ፡ ክብርታትን ኣጠማምታን ናይ ተገልገልቲ ክፈልጥ ዝበለጸ'ዩ።

ኣብ ህይወት ፍጹምነት ከም ዘየለ፡ ነገራት ተመላሊኡ ከም ዝኸይድን ሕጽረታት ከጋጥም ከም ዝኽእልን፣ ንገዛእ ርእሱ ድማ፡ ሕጽረታት ከም ዘለዎ ዝኣምን፣ ንተገልገልቱ ድማ ፍጹምነት ከይጽበዩ ዘእንፍት'ዩ።

ንተገልገልቲ ወይ ዓማዊል ብዘቕርበሎም ኣማራጺታት ቅልጡፍ ለውጢ ዘይጽበ፣ ምስ ዓሚል ጥቡቕ ዝምድና ብምምስራት፡ ምዕባለታት ምኽሩ ዝከታተልን ጸዋርን ክኸውን ይግባእ። ማዕረ-ማዕሪኡ፡ ድሌታቶም ብቐዳምነት ብምስራዕ፡ ገዛእ ኣተሓሳስባኦም ተጠቒሞም ጸገማቶም ብጽሞና ከሰላስሉ ይሕግዝ። ብሓላፍነት፡ ምስጢራውነት ሰባት ዝዕቅብ ኮይኑ፡ ዓሚሉ ዘጋጥሞ ክፈልጥ ዝጽዕር ደኣ'ምበር ዋላ ብመልክዕ ዕላል እንተኾነ'ውን ምስጢር ተገልገልቱ ኣሕሊፉ ዝህብ ኣይኮነንን።



ብትሕትና ናብ ደረጃ ዓማዊሉ ወሪዱ፡ ንልሳኖም ብምጽናዕ፡ ብስምዒታቶም ዘይኮነ፡ ብቛንቋኦም መረዳእታ ብምፍጣር፡ ንዘጋጥሙ ብደሆታት ናጻ ናይ ምብህሃል መድረኽ ዝኸፍት፣ ንነገራት ብስምዒት ዘይኮነ ብርድኢት ዝርእይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ጉዳያት ወይ ዘጋጠሙ ብደሆታት ሰኣን ብግቡእ ምርዳእ፡ ካልእ ኣንጻራዊ ግብረ-መልሲ ክህብ ስለ ዝኽእል፡ መስተውዓሊ ምኳን ኣጋዳሲ'ዩ።

ኣማኻሪ ክህልዎ ዝግባእ ክእለት ምብህሃል፡ ዓሚል እንታይ ከም ዝደልየ፡ ንምታይ ከምኡ ከም ዝኾነ፡ ብሕቶ ብምምርማር ካብቲ ዘለዎ ሕማቕ ወይ ሓደገኛ ኩነት ብልሓት ተጠቒሙ ከገላግሎ ዝኽእል ብቕዓት ማለት'ዩ።

ዝልግሶ ምኽሪ፡ ምስ ዕድመ ተገልገልቲ ዝሳነ ምስ ዝኸውን፡ መረዳእታ ፈጢሮም ቅልጡፍ ፍታሕ ንኽርከብ የኽእል። ስለዚ ዓሚል ዘድልዮ ምኽሪ ከይፈለጠ ምኽሪ ካብ ምልጋስ ክቝጠብ ይግባእ።

ኣማኻሪ ምስ መቕርብ ተገልጋሊ ተሻሪኹ፡ ድሕረ-ባይታ ናይቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ክፈልጥ፡ ድሌታትን ተውህቦን ተገልጋሊኡ ከለሊ ኣገዳሲ'ዩ። ብፍላይ ተመካራይ መንእሰይ ምስ ዝኸውን፡ ምስ ወለድን መቕርብን ዝምድና ምድልዳል፡ ንዘጋጥምዎ ማሕበረ ስነ-ኣእምሮኣዊ ብድሆታት መበገሲኦም ንምልላይን ኣማራጺ መፍትሒ ንምንዳይን ሓጋዚ'ዩ። ምኽንያቱ፡ መንእሰይ ብባህሪኡ ተጻላዊ ስለ ዝኾነ። ድሌታቱም ክትርዳእን ክትፈትሕን እንተ ኼንካ ድማ ምስ ወለዶም ጥቡቕ ዝምድና ምስ ዝጸንሓካ'ዩ።

ጥቡቕ ዝምድና ምስ ወለድን ኣለይትን ምህላው፡ ካብ ዘይተደልየ ሃልክን ጉዳዮም ብኣጋ ኣለሊኻ ህጹጽ መፍትሒ ንኽርከብን የኽእል። እዚ ዘረድኣና እንተ ሃልዩ፡ ዝኾነ ፍጡር ናይ ገዛእ ርእሱ ድሌት ከም ዘለዎ ፈሊጥና፡ ከነጽንዖምን ኣብ ድሌቱ ምርኩስ ብምግባር ፍታሕ ንምምጻእ የኽእል።

ቀጺልና ገለ ኣብነታት፡ ብኽኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዝዝውተሩ ኣገባብት ፍወሳ (psychotherapy) ክንጠቅስ።

ኣብ ትንታነ ባህሪ ዘተኰረ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ፡ ድጉል ጠባያትት ወይ ትሕተ-ውኖኣዊ ባህርያት ሰባት፡ ትሕቲ 6 ዓመታት ኣብ እዋን ህጻነት ዝምዕብሉ ባህርያትን ኣተሓሕዞኦምን ኣብ ዝቕጽል ዕድመ ወሳኒ ተራ ከም ዘለዎ ይእምት'ዩ።

እዚ ኣገባብ ገዛእ ርእስኻ ንምፍዋስ፡ ዘለካ ባዕላዊ እምነት ተመኩሮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ጉዳይካ ሓላፍነት ከም ዝስምዓካ ብምግባር፡ ጸገምካ ኣነጺርካ ንኽትፈልጥ ዝኽእል'ዩ። ነዚ ንምትግባር፡ ኣፍልጦ ዕማማት ኣእምሮ ባህርያትን ዘለዎ ዝምድና ምርዳእ፡ ድሕረ-ባይታ ምውካስ የድሊ። እዚ ድማ ማዕቢሉ ንዘሎ ባህርያት ወይ ሰብኣዊ መንነት (personality)ካብ እዋን ህጻንነት ስለ ዝብገስ'ዩ።

ስለዚ፡ ሰባት ጸገማቶም ንምርዳእ፡ ድጉል ባህርያቶም ብንቑሕ ወይ ኣብ ዘይንቑሕ ኣእምሮኦም ኣብ ሕልሚ ወይ ድላዮም ኣብ ዝዛረብሉ እዋን ስለ ዝንጸባረቕ፡ ኣማኻሪ ከስተብህለሉ ዝግባእ ምኳኑ ይገልጹ። እዚ ድማ ፍርቂ ፍታሕ'ዩ ብምባል ይገልጽዎ።

ብመንጽር እዚ ኸኣ ንሕና ኤርትራውያን፡ ምስ ስነ-ጥበብ ምትእስሳር ዘለዎ ሕብረተሰብ ዘማእከለ ሱር ዝሰደደ ጽቡቕ ባህልን ማሕበራዊ ስነ-ስርዓትን ኣለና። ኣብ ሃገራና ሓደ ካብ ዘሕብን ባህልና፡ "ውሕጅ ከይመጽአ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ" ዝብል ምስላ፡ ሓደ ነገር ከየጋጠመ ምእላዩ ከም ዝግባእ ዘዘኻኽር'ዩ። ንዓበይቲ ምስማዕን ምኽባርን ዝኣመሰሉ፡ ባህሊ ድልውነትን ምኽባርን ፡ ወለዶታት ተኸባቢሩን ተወሃሂዱን ንኽጓዓዝ ኩስኩሱ'ዩ።

ሰባት ብንእንዳማቶም ባህሊ ከይሰድዑን ከይጽለውን መታን፡ ብዛዕባ ባህሎምን ክብሮምን ናይ ምፍላጥ ሓላፍነት ግዴታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ እዩ።

ባህሊ ኣብ እትነብረሉ ዘለኻ ቦታ ጥራይ ተሓጺሩ ስለ ዘይተርፍ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ባዕዳዊ ጸቕጢ ገኒኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ባህሊ ዝያዳ ኣፍልጦ ዘለዎ ኣማኻሪ ኣገዳሲ'ዩ።

ምኽንያቱ፡ ኣብዚ እዋን ብሰንኪ ጽልዋታት ማዕከናት ዜናን ማሕበራዊ መራኸቢታትን፡ ዝረኣዩ ልብሲ፡ ቁኖ፡ ኣቀማቕማን ካልእ ዘይእሩም ተግባራትን ምዕራባውያን፡ ምዕራባዊ ባህሊ በይኑ ከም ዘመናዊ ባህሎምን ልምዶምን ድማ ድሑርን ዘይምዕቡሉን ገይሮም ብምርዳእ፡ ሰባት ነብሰ-ምትሓት ከሕድሩ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣማኻሪ ኣብ ባህልን ልምድን ዓሚቝ መረዳእታ ዘለዎ ኣማእዛኒ ክኸውን ይምረጽ።

ብፍላይ መንእሰያት፡ ክብርታትን ልምድታትን ናይ ዝነብርሉ ሕብረተሰብ ኣጽኒዖም ሰብኣውነት ዘለዎም፡ ብስነ-ምግባር ዝተኹስኰሱ፡ ኣኽብሮት ሰባት፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ስራሕ፡ ትምህርትን ክህልዎም፡ ሓድነት ህዝቦምን ከባቢኦምን ዘውሕሱ ክኾኑ ኣፍልጦ ኣማኻሪ ኣብ ባህሊ ኣገዳሲ ይገብሮ።

ኣማኻሪ፡ ነገራት ኣብ ምፍታሽ ኣብ ከባቢኡ ዘጋጥሙ ማሕበራዊ ብደሆታት ኣቐዲሙ ዝፈልጥ፡ ዘጋጥምዎ ጸቕጢ ዝፍትሽ፡ ንገዛእ ርእሱ ዝመስል፡ ኣብነታዊ ኮይኑ ዝቐርብ ክኸውን ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ዓሚል መፍትሒ ባዕሉ ክፍትሽን ናጽነቶም ከለልዩ ዝሕግዝ፡ ርእሱ ክኢሉ ክውስን፡ ውጽኢት ምርጭኦም ዝቕበሉ ክኾኑ ዘተባብዕ ክኸውን ይምረጽ።

ስነ-ፍልጠት ዝተሓወሶ ምኽሪ ከይተማህዘ እንከሎ፡ ህዝቢ ብኸመይ ኣብ ነንሓድሕዱ ተወሓሒጡ፡ ንዝጽይቕ ዓገብ እናበለ ንኽጓዓዝ ዝሓገዙ፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መሻይኽን ካህናትን፡ ለባማትን ምንባሮምን ይግለጽ።

ብሂላት ኣበው፡ "ለባም ተወከስ፡ ባላ ተመርኰስ" እናተባህለ፡ ንዝበደለ ምስ ሃይማኖት ዝተኣሳሰረ ኣገባባት ምኽሪ ይዋሃብ ነይሩ። ስለዚ ንዓና ዘዕበዩና ናይ ወለድና፡ መምህራንናን ካልኦት ዓበይትን ዝበሉና እናተመራሕና ስለ ዝዓበና፡ ክብሪ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘማእዘኑና ዓበይቲ ቃላት ሓይሊ ዝህብ ምኳኑ ምዝካር።

ስለዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ባህልን ስነ-ፍልጠትን ምርኩስ ብምግባር፡ ሰባት መሰረታዊ ኣምር ምኽሪ ተገንዚቦም፡ ገዛእ ርእሶም ተመርኲሶም፡ ኣብ ከባቢኦምን ስድራ ቤቶምን ንዘጋጥሙ ብደሆታት፡ ካብ ውሽጦም ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ክብገሱ ከም ዘለዎ ምኽርና ንልግስ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጽውጽዋይ — ብጻዕርኻ ምንባር...

### ታሽዓይ ክፋል

"ሕጊ ዘየኽብር ድኣ እንታይ ደሊኻ፤ ሕጊ ዘይምኽባር ኩሉ ግዜ ሓደጋ እዩ። ተሰሩ እንብር ክንድ'ዚ ጨኪኖም ኣዒንቶም ኣየንቀርዎምን ኣእጋሮም ድማ ኣይቆርጽዎምን ይኾኑ እምበር - እዝስ ከቢድ እዩ፡" ሓደ ካብ'ቶም ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ዝጸንሐ ህበይ ሓሳቡ ኣካፈለ።

ዳዉ፡ ቡቲ ዕላል ናይ መዛንኡ ረዓደ።

"ንሱ ሓቅኻ ኣለኻ። እንተኾነ እቶም ሕጊ ዘይነኽብር ብኸም'ዚ እንተዘይተታሓዙና ካልእ ኣማራጺ የለን፡" እቲ ቀዲሙ ዝተዛረበ ህበይ ወሰኸ።

"ዎ! ዘረባኹም ጭንቀት ፈጢሩለይ ኣሎ። ኣነ ከይደ ገዲፈኩም፡" ህበይ ዳዉ ካብቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ብድድ በለ።

"እንታይ ዘጨንቕ ኣለካ! እቶም ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ዝውዕሉ ይጨነቑሉ፡" እቲ ናይ መጀመርታ ኣዕላሊ ንዳዉ እናጠመተ ተዛረቦ።

"በቃ! ክሰምዓኩም ኣይደልን እየ። ከም'ዚ እንተኾይኑ ዕላልኩም ገዛ ምኻድ ይሕሸኒ፡" ህበይ ዳዉ ብኹሩይ መንፈስ ናብ ገዝኡ ተበገሰ።


ህበይ ዳዉ፡ ቡቲ ዘዕለልዎ ዕላል ፈጺሙ ኣይቀሰነን። ብዛዕባ ክመጽእ ዝኽእል እናሓሰበ ናብ ገዝኡ ኣተወ። ኩሎም ኣባላት ስድራቤቱ የዕልሉ ነበሩ። ዳዉ ግን ብሓሳብ ስለዝተዋጠረ ምስኦም ዳርጋ ኣይነበረን። መመሊሱ ፈርሀ። ብዛዕባ ጽርግያ መስተርሆት ደጋጊሙ ሓሰበ። ምኻድ ክገድፎ ይሓስብ። እንተኾነ እቲ ካብ ሰባት ዝለመዶ ኩሉ ነገር ይርኣዮ። ከምዚ ኢሉ እናሓሰበ ቀም ከየበለ ሓደረ።

መሬት ወግሐ። ህበይ ዳዉ ከም ቀደሙ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ኣብ ከባቢኡ ዘወር ክብል ጀመረ። ዳርጋ ኩሎም ኣህባይ ኣብ ዓዶም ኔው ነጀው እናበሉ መዓልታዊ ህይወቶም የካይዱ ነበሩ።

ህበይ ዳዉ፡ እናንየየ ናብ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ደየበ። ኣብ ጫፍ ናይታ ገረብ ምስ በጽሐ ከባቢኡ ክቋጻጸር ጀመረ። ጽንሕ ኢሉ፡ ናብ መገዲ ጽርግያ መስተርሆት ገጹ ዝኸይድ ህበይ እንተርኣየ ፈተሸ። እንተኾነ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ገጹ ዝኸይድ ህበይ ኣይረኣየን።

ኣብታ ዓባይ ገረብ ኮይኑ ደጋጊሙ ከባቢኡ ፈተሸ። ጽባቕ ዓዲ ምሃብ ደስታ ፈጠረሉ። ንገለ ደቓይቕ ኣብታ ገረብ ኮይኑ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ሓሰበ። ዝኾነ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኡ ኣይመጽኦን። ሃንደበት ካብታ ገረብ ብናህሪ ክወርድ ኢዱ ሰደደ። ብኽልተ ኣእዳዉ ካብ ሓደ ጨንፈር ናብ ካልእ ጨንፈር እናዘለለ ካብታ ዝነበራ ገረብ ናብታ ጥቓኣ ዝነበረት ገረብ ነጠረ። ካብኣ ከኣ ናብ ካልእ። ከምኡ እናበለ ናብ ባይታ ወረደ። ጽንሕ ኢሉ፡ ናብ ሩባ ዓዶም ገጹ ተመርቀፈ።

ኣብ መገዲ ምስ ደቂ ዓዱ እናተላኸፈ ሩባ በጽሐ። ማይ ክሰብ ኣጸቢቑ ዝረዊ ሰተየ። ምሉእ ኣካሉ ከኣ ተሓጽበ። ንሩባ ዓዱ ጽቡቕ ገይሩ ተዓዘቦ። ናይቲ ሩባ ጽባቐን ጣዕምን ዝያዳ ሎሚ ኣስተማቐሮ።



ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ናብ ገዝኡ ተመልሰ። ኣብ ገዝኡ ምስ ኣሕዋቱን ስድራኡን እናዕለለ ኣምሰየ። ናፍቖት ጽርግያ መስተርሆት ወረሮ። ኩሉ ሓሳቡ ብዛዕባ'ቲ ጽርግያ ኮነ። ናብ ጽርግያ መስተርሆት ዘይምኻዱ ብዙሕ ነገር ዝሓለፎ መሰሎ። ኣብ ቤቱ ኮይኑ ተከዘ።

ነዚ ዘቕለበ ንእሽእቶ ሓዉ፡ ደጋጊሙ ንዳዉ ድሕሪ ምዕዛቡ፡

"ዳዉ ሓወይ እንታይ ድኣ ሎሚ ዝን ኣቢዜሕካ፧" ናብ ዳዉ ኣተኩሩ እናጠመተ ሓተተ።

"ኣይ ደሓን እየ፡" ዳዉ ብየማናይ ኢዱ ርእሱ እናሓኸኸ መለሰሉ። ንሕቶ ሓዉ ኣይተገደሰሉን።

ሓዉ፡ "ዳዉ ሓወይ ጽርግያ መስተርሆት ካብ ዝኽልከል ኣይረጋእካን፤ እንታይ ኴንካ ኣለኻ፧" እናሰሓቐ ተጫረቖ።

"ከምኡ ኣይኮነን። ግን ሓደ ነገር ሰሚዐስ ኣይቐሰንኩን፡" ኑቶም ኣብ ሓደ ጸግዒ ኮፍ ኢሎም ዘዕልሉ ዝነበሩ ኣቦኡን ኣዲኡ እናጠመተ ተዛረቦ።

"እንታይ ሰሚዕካ፧" ንእሽቶ ሓዉ ቀረቦ።

"ናብ ጽርግያ መስተርሆት ዝኸዱ፡ ሓንቲ ዓይኖም ክትነቅር፡ ሓንቲ እግሮም ድማ ክትቁረጽ'ያ ይብሃል ኣሎ፡" ኣቦኡን ኣዲኡ ከይሰምዕዎ ቀስ ኢሉ ተዛረቦ።

"ውይ! ኣነ ድኣ ሓቂ ዘይመሰለኒ ምበር ሰሚዐ ነይረ እንድየ! ወይ ሓወይ እንታይ ድኣዩ ዝግበር!፧" ንእሽቶ ሓዉ ሰንበደ። ሓዉ ሓንቲ ዓይኑ ክነቕር ሓንቲ እግሩ ክትቁረጽ ተራእዮ።

"እንታይ ማለትካ እዩ፧" ገጹ ጸዊጉ ሓተቶ።

"ማለተይ ድኣ ምሽ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ትኸይድ ኢኻ፤ ወይ ሓወይ!!" ደንገጸሉ።

"ንስኻ ሰቕ ኢልካ ኢኻ ኣነ'ኳ ናብ ጽርግያ መስተርሆት ኣይከድኩን፡" ዳዉ ክከላኸል ፈተነ።

"ምሽ ባባን ማማን ይዛረቡኻ ነይሮም። ሓቂ ምዝራብ ከይድካ ነይርካ ኢኻ፤" ንእሽቶ ሓዉ ክምስ ብምባል ተዛረቦ።

"ብኡንት ኣነ ዘይከድኩ፡ ብቐዳማይ ኣብ'ዚ ስለዘይወዓልኩ ኢዩም ከምኡ ኢሎምኒ፡" ብሓሶት ክከላኸል ፈተነ።

ይቕጽል

## ደብዳቤ ካብ ኣቦሓጎይ

### ዘይዓካትካ ምብላዕ



ከም ኩሉ ግዜ ብሽክለታይ እናደፋእኩ ናብ ገዛ ገጸይ እኸይድ ነበርኩ። ኣብ መገዲ ክልተ ቈልዑ ኮፍ ኢሎም ከዕልሉ ርኣኹ። ብጎድኖም ክሓልፍ እናበልኩ እንከለኹ ሓደ ካብኦም ቈልዑ፡

"ሕጂ ንስኻ ባልዕ'ሞ ኣነ ድማ ድሕሪኡ እበልዕ፡" ኢሉ ዝበላዕ ዓካት ኣቐበሎ።

እቲ ካልኣዩ "የቐንየለይ!! ኣነ ድማ ካልእ ግዜ ዓካት ምስ ገዛእኩ ክበልዓካ እየ፡" ብምባል ተቐበሎ።

ኣነ ከኣ ሃንደበት ደዉ ኢለ፡ "ብሩኻት ደቀይ እንታይ ድኣ ትገብሩ፧" ክብል ሓተትኩዎም። ገለ ክብሎም ዝደለኹዎ ነይሩኒ።

"ነዕልል፡" እቲ ዓካት ዝተቐበለ ቈልዓ መለሰለይ።

"ጽቡቕ እዞም ደቀይ ጸወታ ሰናይ እዩ። ክልቴኹም ኣሕዋት ዲኹም፧" ንኽልቲኦም ኣበራርየ እናጠመትኩ ሓተትኩዎም።

"ኣሕዋት ኣይኮንናን። ኣዕሩኽ ኢና ኣቦይ ዓባይ፡" እቲ ዓካት ዝተቐበለ ነታ ዓካት ኣብ የማናይ ኢዱ እናማዘዘ መለሰለይ።

"ጽቡቕ እዞም ደቀይ። ዕርክነት ጽቡቕ እዩ። ሓንቲ ሕቶዶ ክሓትተኩም፧" ክዛረቦም ፍቓድ ሓተትኩ።

"ሕተቱና ኣቦይ ዓባይ እንዳ መን ደሊኹም፧" እቲ ዓካት ዝሃበ ተዛረበ። እንዳ ሰብ ክሓትት ዝደለኹ መሰልዎ ነበረ።

"ኣይፋሉን እዞም ደቀይ፡ ኣነስ እንዳ ሰብ ኣይደለኹን። እዛ ዓካትዶ ክርኢያ፧" ናብቲ ዓካት ሒዙ ዝነበረ ቈልዓ ጠመትኩ።

"ጸገም የለን ርኣይዋ፡" እቲ ቈልዓ ነታ ዓካት ኣቐበለኒ።

ኣነ ድማ ነታ ዓካት ተቐቢለ ፈተሽኩዋ። ከም ትጽቢተይ ኣብታ ዓካት ናይ ግርጻን ደም ርኣኹ።

"ርኣይዋ እዛ ዓካት፡" ነታ ዓካት ናብኦም ገጸይ ኣቕረብኩዋ። ቀጺለ፡ "ኣብዛ ዓካት ዘሎ ደም ይርኣየኩምዶ፤ ዓካት ከም ባኒ ወይ ቅጫ ብቐሊሉ ስለዘይግሃጽ ግርጻንና ደም ክወጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ደም ድማ ኣብዛ ዓካት ኣሎ። ስለ'ዚ ከይተረድኣኩም ሕማም ክትመሓላለፉ ትኽእሉ ኢኹም። ብደም ዝመሓላለፉ ሕማማት ማእለያ የብሎምን። ስለ'ዚ ባኒ ወይ ቅጫ ብኢድኩም ቈሪጽኩም ክትማቐሉ ጽቡቕን ባህልናን እዩ። ዓካት ግን ይትረፍኩም፡" ምዕዶይ ለገስኩ።

"እዋይ ሓቅኹም ኣቦይ ዓቢ። ሓሲብናሉ ኣይንፈልጥን እምበር፡ ኣብ ትምህርቲ ብደም ዝመሓላለፉ ሕማማት ብዙሓት ምኽኣኖም ተማሂርና ኢና። የቐንየልና ሓቅኹም ኢኹም፡" እቲ ዓካት ዝተቐበለ ብሰንባደ ተዛረበ።

"ኣሰይ እዚ ወደይ! ጽቡቕ ኣቕሊብካ ኣለኻ። ስለዚ እንታይ ክትገብሩ ኢኹም፧" ሓተትኩዎም

"ንሕና ናይ ሰብ ዓካት ምብላዕ ክንገድፎ። ንደቂ ገዛውትና ድማ ናይ ሰብ ዓካት ከይበልዑ ክንነግሮም ኢና። የቐንየልና ኣቦይ፡" እቲ ዓካት ዘቐበለ ተዛረበ። ኣብ ገጹ ናይ ሰንባደ ምልክት ይርአ ነበረ።

"ጽቡቕ! በሉ ብዘረባኹም ስለዝተሓጎስኩ ንኽልቴኹም ዓካት ክገዝኣልኩም እየ፡" ጁባይ ፈተሽኩ።

ክልቲኦም "ደሓን፡" በሉኒ።

ኣነ ድማ፡ "ሓቀይ ንሓንቲ ዓካት ሓንቲ ናቕፋ እንድዩ፧" ክልተ ናቕፋ ኣብ የማናይ ኢደ ቀሪበ ተዛረብኩ።

"እወ!" ክልቲኦም ብሓባር መለሱ።

"ግርም እዞም ደቀይ። እዘን ክልተ ናቕፋ ሂበኩም ኣለኹ። ንኽልቴኹም ዓካት ግዝኡ። ተወሳኺ ድማ ብዓካት ክትጻወቱ እንከለኹም ከባቢኹም ፈትሹ። ሰብ ከይትሃርሙ ተጠንቀቑ። ትማሊ ክልተ ቈልዑ ብዓካት እናተጻወቱ ንሰከላ ሃሪሞምኒ ነይሮም። ስለዚ ብዓካት ክትጻወቱ እንከለኹም ዓይኒ ሰብ ከይትሃርሙ፡ ሓደጋ ከይተውርዱ ወሰን ኢልኩም ተጻወቱ። ሕጂ ኪዱ ዓካትኩም ግዝኡ። ብሩኽ መዓልቲ እዞም ደቀይ ብሩኻት!" ብምባል ተፋንየ መገደይ ቀጸልኩ።

ፍቱዋት ደቀይ! ናይ ሰብ ዓካት ኣይትብልዑ። ክትጻወቱ እንከለኹም ድማ ጥንቁቓት በሉ። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ቈልዑ ብዓካት ዝተሃርሙ ስለዘለዉ። ብኻልእ ደብዳቤ ክሳብ እንራኸብ ሰናይ ቅነ!!

## እተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

### ኣገባብ ኣመላልኣ

ኣብ ታሕቲ ናይ ጋድምን ናይ ትኹልን ቃላት ተዋሂቦም ኣለዉ። ከም መጀመሪ ድማ ፊደል 'ዓ' ተዋሂባ ኣላ። ስለዚ፡ ካብዛ ፊደል ብምብጋስ ነዛ እተመሳቐለ ቃላት ስርሕዋ። ናይ ጋድም ቃላት ንጋድም፡ ናይ ትኹል ቃላት ድማ ንትኹል ጥራይ ክምልኡ ይግብኦም።

**ናይ ጋድም ቃላት**

ላምባ
ዓተር
ሰግር
መርዓ
እወ
ቦታ
መርሓባ
ዓይኒ
ቢንሳ
መረብ
ሳርቶ
ርኣይዋ
ብሪ

**ናይ ትኹል ቃላት**

መርመረ
ዓስባ
ቶርታ
ዓርቢ
ምሳር
ንፍዓ
ሰባር
ወኒ
ርእሳ
መሸላ
ሓሳብ
ይደይባ
ዋሪ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ■ | | | | ■ |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | | | ■ |
| ■ | | ■ | | ■ | | ■ | |
| | | | | ■ | ዓ | | |
| | ■ | | | | ■ | | |
| | | | ■ | | | | |
| | ■ | ■ | | | ■ | | |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

## ጽኑይ ገዛ፡ ጥዑይ ኣእምሮ



"ዓይኒ እንታይ ድራራ" ክበሃል ከሎ፡ ንጽባቐ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ወዲ ተባዕታይ ጥራይ ዝተሓዝአ ይመስለኒ ነይሩ። ለካ እንነብረሉ ገዛ እንተ ጸርዩን ተጸባቢቑን'ውን ዓይኒ ትድረር'ያ። እንነብረሉ፡ እንሰርሓሉ፡ ኮታስ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ቦታ፡ ጽሩይን ጽፉፍን ምስ ዝኸውን፡ ካብቲ ንርእዮ ጽባቐ ንላዕሊ ኣብ ጥዕና ኣእምሮናን ኣተሓሳስባናን እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ነዚ ብመጽናዕቲ ንምድጋፍ፡ 60 ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳተፈኦ 'ጽልዋ ጽሬት ገዛ ኣብ ጸቕጢ ኣእምሮ' ዝዕቅን ፈተነ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ እተን ገዝአን ጽሩይ፡ ካብተን ገዛአን ዝጋሕመጠ ዝወሓደ ጸቕጢ ኣእምሮ ከም ዘንጸባረቓ ዘርኢ ውጽኢት ተረኺቡ። ብተወሳኺ፡ ጽሬትን ጽፈትን ገዛና፡ ምስቲ "ኮርቲሶል" ዝበሃል ሆርሞን'ውን (ኣገባብ ንምቁጽጻር ጸቕጢ ዝጸሉ ሆርሞን) ምትእሳሳር ከም ዘለዎ ዝሕብር ውጽኢት ተረኺቡ። ምልክታት ጸቕጢ ምስ ትሑት ናይ ምቁጽጻር ዓቕሚ ተደሚሩ ኸኣ፡ ናብ ሕማቕ ውሳኔታት ክመርሓና ይኽእል። ብተዘዋዋሪ፡ ጽሬትን ውጉን ንብረትን ገዛና፡ ክሳብ እንታይ ዓይነት ውሳኔታት ንውሰን ናይ ምጽላው ሓይሊ ኣለዎ። ብ2016፡ ኣብ 'ኣከባብን ባህርያትን' ዝተሓትመ መጽናዕቲ፡ ዕግርግር ዝበዝሖ ክሽነ፡ 'ናብ ሕማቕ ምርጫ መግቢ' ከም ዘምርሕ ይገልጽ። ኣብ ዕግርግር ዝበዝሖን ዘይውዱን ክሽነ ዝርከቡ ሰባት፡ 'ነቲ ኩነታት ክንቈጻጸሮ ኣይንኽእልን ኢና፡' ኢሎም ምስ ዝሓስቡ ኸኣ ዝያዳ ከም ዝበልዑ የብርህ። ብሓፈሽኡ ኣብ ጸቕጢ ዝርከቡ ሰባት ዝያዳ ከም ዝበልዑን ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ከም ዝኸስዑን ይንገር እዩ። ገዛና፡ ቦታ ስራሕናን ከባቢናን ዘይጽሩይን ዘይውጉንን ምስ ዝኸውን፡ ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ናብ ሳዕቤናት ጸቕጢ ከቃልዓና ይኽእል ማለት እዩ። ብፍሉይ ግን፡ ጸቕጢ ናይ ምቁጽጻር ዓቕምና ብኣሉታ ስለዝጸሉ፡ ካብ ካልእ ዓይነታት ጸቕጢ ዝበኣሰ ዕንወት ክፈጥር ይኽእል።

ስርዓት ንምትሓዝ ንጥቀመሎም ጥበባት ውዳብ ወይ ውደና፡ ንሓንጎል ደቂ ሰብ ምርኩስ ብምግባር እዩ ዝሰርሕ። ሓንጎልና ዝለዓለ ስርዓት-ውዳብ ኣለዎ። ኣየናይ ክፋል ሓንጎልና ነየናይ ንጥፈት ይሰርሕ ንጹር እዩ። ንእልቢ ዘይብሎም ሓበሬታ ተቐቢሉ ኣብ በቦትኦም የቐምጥ፣ ንሕሉፍ ይዝክር፡ ህሉው ይስንድን የሰላስልን፡ ናይ መጻኢ ኸኣ ይእምት። እዘን ካልእን ንጥፈታት ብኣዝዩ ሓያል መርበብ መትንታት ተጠቒሙ ይውድኖ። ቤት ንባብ ኬድና ዝደለናዮ መጽሓፍ ንኽንረክብ፡ ናይቲ ንደልዮ ዘለና ሓበሬታ ዓውድን ንመጽሓፍቲ ዝወሃብ መለለይ ቁጽሪ "ኮድ"ን ተመርኲስና ምድላይ ዝሓሸ ኣገባብ እዩ። እንተ ዘይኮይኑ ኣብቲ ቤት ንባብ ዝረከብ ኩሉ መጽሓፍቲ እናፈተሽና ብምድላይ ክሰልጠና ኣይክእልን። ኣተዓቓቕባ መጽሓፍቲ ኣብ ቤት ንባብ፡ ምስቲ ሓንጎልና ሓበሬታ ንምዕቃብ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ይመሳሰል እዩ። ሓንጎልና ብተፈጥሮኡ ናይ ምውጋንን ምስራዕን ልምዲ ኣለዎ። ካብ 1 ክሳብ 10 ክንቈጽር ከለና፡ ካብ 1 ጀሚርና እናለዓልና ክንከይድን ካብ 10 ንታሕቲ ክንቈጽርን ዘሎ ፍጥነት ኣየናይ ይቕልጥፍ? ከምቲ ጽፉፍን ንጹርን ኣቀማምጣ መጽሓፍቲ ዝጥቀም ቤት ንባብ፡ ቀልጢፍና ዝደለናዮ መጽሓፍ ክንረክብ ዝሕግዝ፣ ናብ ሓንጎልና ዝኣቱ ሓበሬታ፡ ጽፉፍን ንጹርን ኣቀማምጣ ምስ ንገብረሉ ብቕልጡፍ ክንዝክሮ ይሕግዝ። ሓበሬታ ብጽፉፍን ንጹርን ኣገባብ ኣብ ሓንጎልና ከነስፍሮ ኸኣ እቲ ሓበሬታ ንረኽበሉ ከባቢ ወሳኒ እዩ። ኣዒንትና ብዙሕ ዝረአ ነገራት ኣብ ቅድሚኦ ምስ ዝህልዎ፡ ነቲ ክርእዮ ዝደሊ ክፍትሽ ብዙሕ ጸዓት የህልኽ። ከይተረዳኣና ድኻም ይስመዓና፣ ምስልቻው ኣስዒቡ፡ ትሑት ውጽኢት ከም ነርኢ ኸኣ ይገብር። ኣብ ግዕዙይ ከበቢ ምህላው፡ ብዘይ ፍረ ኣብ ሓደ ነገር ዕንይንይ ክንብል ዝገብር መዐንዘዚ ኣለዎ። ናይ ስምዒት ህዋሳትና፡ ዝረኽብዎ ሓበሬታ ነነፍዮም፡ ኣድህቦና ናብቲ ንደልዮ ዘለና ስራሕ ክመርሑ ኣመና ሰለዝሸገሩ፡ ኣእምሮኣዊ ድኻም ጥራይ ዘይኮነ ኣካላዊ ድኻም'ውን ይስመዓና። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንታይ የጋጥመና ኣሎ ብንጹር ስለዘይርድኣና፡ "ገለ ነገር ተጻዒኑኒ ኣሎ፡" ብምባል ክንገልጾ ንፍትን።

ኣብ ኣርማድዮና ካብ ዘለዉ ክዳውንቲ፡ ኣብ መቐመጢ ሳእኒ ካብ ዘለዉ ኣሳእን፡ ኣብ ቤትና ካብ ዝርከቡ ንብረት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ካብ ዝርከቡ ወረቓቕቲ፡ ኣብ ኮምፕዩተርናን ሞባይላትናን ካብ ዘሎ ሰነዳት፡ ወዘተ. ክንደይ ካብኡ ኮን ኣዝዩ ኣገዳሲ ይኸውን? ኣብ ሓንቲ ፊልም፡ ሓንቲ ኣማኻሪት ስነ-ኣእምሮ ንተሓከምታ፡ "ኣብ ውሽጢ ቤትኩም ከለኹም ባርዕ ሓዊ እንተ ዘጋጥም እሞ፡ ሓንቲ ንብረት ጥራይ ሒዝኩም ክትወጽኡ ዕድል እንተ ዝህልወኩም እንታይ ሒዝኩም ምወጻእኩም?" ብምባል ትሓቶም ነበረት። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት፡ ዝያዳ ክንቅርጡውን ዘየድልየና ንብረት ክንኣልን ይሕግዝ እዩ። ኣብ ቤትና፡ ቦታ ስራሕናን ከባቢናን ዝርከቡ ነገራት፡ ኩሉ ግዜ ብሓሳብ ምሳና ስለዝኾኑ፡ እንተ በዚሓምን ፋሕፋሕ ዝበሉ እንተ ኾይኖምን ናይ ሓሳብ ጽዕነት ከም ዝኾኑና ምዝካር የድሊ። ከነቃልል ክንብል ንኹሉ ምጉሓፍ ዘይኮነ፡ ፋሕፋሕ ዝበሉ ኣብ መስርዕ ምእታውን ምውጋንን ንሓንጎልና ከፋኹሶሉ ይኽእል። ዓባያትና ወይ ኣቦሓጎታትና ምሳና እንተ ሃልዮም፡ ነብረቶም ኣይኮነን ክንጉሕፈሎም ክንትንክፈሎም'ውን ኣይፈትዉን እዮም። ምኽንያቱ፤ ንዓና ዘይርደኣና ተዘክሮታት ምስቲ ንብረት ስለዘሎም እዩ። "እዛ ሰፍኢ እኮ ሓትነኻ ትንሱእ፡ ነብሳ ይምሓራ፡ ኣብ መርዓይ ዝሃበትኒ እያ፡" "እዚ ጫማ ቅድሚ 30 ዓመት ዮናስ ወደይ ካብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ተመረቐ ዝገዝኣለይ እዩ፣ ትርእዮ'ለኻ ታህ ኣይበለን፡" እናበሉ ዘዕልዎዎ ተዘክሮታት፡ ምስቲ ንብረት ከይጠፍእ ስለዝፈርሑ፡ ካብ ቅድሚኦም ክእለ ኣይደልዩን። እዚ ሓደ ካብቲ ብጽበት ገዛ ከም ንሳቐ ዝገብር ልምዲ እዩ። እንተኾነ ካብ መጀመርታ ናይ ምውጋንን ምእላይን ንብረት ባህሪ እንተ ተለማሚድናዮ፡ ነቲ ዝሰዕብ ስምዒታዊ ምትእስሳር ክንብድሆ ንኽእል ይመስለኒ።

ሓደ ግዜ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ደቀም ዘዕበዩ ኤርትራውያን ወለዲ፡ ኣብ በቤቶም ዝነበረ መጻወቲ ህጻናት ናብ ኤርትራ ኣምጺኦም፣ ካብ ዓበይቲ ከተማታት ምሕድግ ዝበለ ቦታታት ዝርከቡ መውዓሊ ህጻናት ከም ዝሃቡ እዝክር። እዚ ብዘይካ'ቲ ክንኣድ ዝግብኦ ወለንታዊ ኣበርክቶ፡ ዝነበሮም ዘየድሊ ንብረት ክኣልይዎ ዝደፋፍእ ጽቡቕ ዕላማ ምርካቦም እዩ። ካብ ደቀም፡ ናብ ካልኦት ደቀም ወይ ደቂ ዓዶም ስለዝኾነ፡ ናይ ስምዒታት ኣሉታዊ ጽልዋ የብሉን። ብዙሕ ተዘክሮ ዘለዎ ንብረትና፡ ንኻልእ ኣሕሊፍና ክንህብ ኣጸጋሚ እዩ። እንተኾነ ትርፊ ቦታ ክንረክብን ከነጸራርን ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልእ ድልዱል ዕላማ ምስ ዝውሰኾ፡ ካብቲ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ስምዒት ንላዕሊ እቲ እወታዊ ስምዒትን ዕጋበትን ይበዝሕ።

ዝበዝሐ ግዜና ነሕልፈሉ ቦታ፡ ጽሩይን ውጉንን ክኸውን፡ ፈለማ ዘለዎ ኣካላዊ ጽልዋ ምፍላጥ የድሊ። ጽሩይ ኣከባቢ፡ ጽሩይ ኣየር ከነስተፍስ ይሕግዝ። ሓንጎልና እኹል ኦክስጅን ክረክብ ስለዘኽእሎ፡ ጥዕናዊ ጥቕሚ ኣለዎ። ኣካላዊ ጥዕናን ጥዕና ኣእምሮን ነንሕድሕዱ ተተሓሒዙ ዝኸይድ እዩ። ብሓፈሽኡ፡ ጽሬትን ጽፈትን ንኣካላዊ ጥዕናና ክብ ኣቢሉ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም እንከላኸል ዝገብር እንተኾይኑ፡ ጕኒ ጕኑ ኸኣ ሓንጎልና ካብ ተደጋጋሚ ጸቕጢ ንከላኸለሉ ኣለና ማለት እዩ። ኣካላትና ብሰንኪ ርስሓት ብተደጋጋሚ ሕማማት ዝጥቃዕ እንተኾይኑ፡ ሓንጎልና'ውን ነዚ ሕማም ንምልላይን ምሕዋይን ጽሙድ ግዜ ስለዘሕልፍ፡ ካልእ ስራሕ ካብ ምስራሕ ክጉናደብ ይኽእል። ኣካላትና፡ ብሕማም ብዙሕ ጸዓት ምስ ዘህልኽን ዘደክምን፡ ንሓንጎልና ሞቕንኑ ስለዘጉድለሉ ካልእ ጠንቂ ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድኻም ክኸውን ይኽእል። ኣብ ከምዚ ኩነታት ብብዝሒ ንጥቀመሉ መግለጺ፡ "ሕልናይ ዓሪቡኒ" ዝብል እዩ። እዚ ተርእዮ ብተደጋጋሚ ይስመዓና እንተ ሃልዩ፡ ኣካላትና ብዘስዓቦ ወጽዓ ንሳቐ ከም ዘለና ምግንዛብ የድሊ።

ዘይውጉን መንበሪ፡ ጠንቂ ቍጠባዊ ምብኻን ክኸውን ይኽእል እዩ። ዘለናን ዘይብልናን ንብረት ወይ ጸጋታት፡ ብግቡእ ዘይተሰርዑን ኣበይ ከም ዝቐመጡ ዘይፍለጡን ምስ ዝኾኑ፣ ሓንጎልና ፋሕፋሕ ንዝበለ ሓበሬታ ናይ ምርሳዕ ተኽእሎ ስለዘለዎ፡ ዘለና ንብረት ደጊምና ክንገዝኦ ንኽእል ኢና። ብተወሳኺ፡ ዘድለየና ንብረት ኣብ ዘደለናዮ ግዜን ቦታን ክንረኽቦ እንተ ዘይክኢልና፡ ዘለና እንኮ ኣማራጺ፡ ውሽጥና ሕርር እናበለ ደጊምና ምግዛእ'ዩ። ዘድልዩናን ዘየድልዩናን ንብረት ምጥርናፍ፡ ናይ ምግዛእ ወይ ናይ ሓሻሽነት ልምዲ ከም ዘበርኽ ዝነግር መጽናዕትታት ኣሎ። ሓንሳእ ንብረት ናይ ምጥርናፍ ልምዲ እንተ ኣሕዲርና፡ ዘለና ናይ ዘይምፍናው ጸገም ጥራይ ዘይኮነ፡ ዘይብልና ምጥርናፍ'ውን ክንውለፍ ንኽእል ኢና። ካልእ ኣብ መንጎ እንታይ የድልየናን ኣየድልየናን ክንፈልን ክንውሰንን ስለዘይንኽእል፡ ብዙሕ ንብረት ናይ ምግዛእ ጸገም ነሕድር። ናይ መንበሪና፡ ስራሕናን ከባቢናን ንብረት ብግቡእ ክንውግን ምስ ዘይንኽእል፡ ካልኦት ምውጣንን ምውጋንን ዘድልዮም፡ ከም ግዜና፡ ገንዛባዊ ጸጋታትና፡ ዝምድናታትናን ካልእን ከነማሓድር ክንጽገም ኢና። ምኽንያቱ ኩሉ ተተሓሒዙ ስለዝኸይድ። ዘይጽሩይን ዘይውጉንን ከባቢ፡ ኣብ ኣካላዊ ጥዕናን ቍጠባን ዘምጽኦ ሳዕቤን፡ ምስቲ ኣብ ጥዕና ኣእምሮና ዘምጽኦ ሕጽረት ኣተኩሮ፡ ወጥርን ጭንቀትን ተደማሚሩ ኣዕናዊ ውጽኢት ኣለዎ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ዘለውና ንብረት ክንውግን ስምዒታዊ ብድሆ ዋላ ይሃልዎ፡ ኣገዳስነቱ ስለዝዓዝዝ ብኣግኡ ክንላመዶ የድሊ። ስለዚ ጽሩይ መንበርን ውጉን ንብረትን ክህልወና ዝሓሸ ኣገባባት ወስ ኩብለልኩም።

- ምጽርራይ፡ ብምንታይ ከም ትጅምሮ ዝሕርብት ንጥፈት ስለዝኾነ፡ ብንእሽተይ፡ ብዙሕ ዘየሰልቹን ዘየጨንቕን ክፋል ክንፍልጦ ተመራጺ ይኸውን። ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚና ኮይኑ ዝርብሽና ወይ ብብዝሒ ንረኽቦ ከባቢ (ከም ናይ ኮሞዲኖ ትሬቶ፡ ትሕቲ ዓራትና፡ ናይ ስራሕ ጣውላና፡ ኣርማድዮና...) ክንጅምር ይከኣል።

- ንምጽርራይን ምውጋንን፡ ግዜ ምፍላይ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ተርፊ ግዜና ክንሰርሖ እንተ ወጢንና፡ ምናልባት ትርፊ ግዜ ዘይክንረክብ ንኽእል ንኸውን፣ ወይ'ውን ክንደክም ንኽእል። ስለዚ ነዚ ንጥፈት ከም ካልኦት ንጥፈታት ውሱን ግዜ ምፍላይ፡ ኣገዳሲ ምኻኑ ንነብስና ቀዲምና ንነግራን ነዳልዋን።

- ሓገዝ ምሕታት ኣይጽላእን እዩ። ብፍላይ ኣብ ምእላይ ዝጸንሑና ንብረት (ክዳውንቲ፡ ሳእኒ፡ ኣቕሑት ክሽነ...)፡ ሓገዝትና፡ ከማና ናይ ስምዒት ምትእስሳር ስለዘይብሎም፡ ዘየገድሱና ንብረት ፈልዮም ኣብ ምውጻእ ኣይጽገሙን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ስራሕ ብጻይ ምህላው ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ ስለዘለዎ፡ ስራሕና ከሰልጠልናን ክሕግዘናን ይኽእል። ከባቢና ምጽራይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከነመላኽዖን ዕንባባታት ክንተኽለሉን ምስ እንኽእል፡ ነቲ ብጽሬትን ብውጋን ንብረትን ዝኽሰብ ኣካልውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጥዕናን ምቼእነትን ከነራብሖ ንኽእል። ካብ ጽሩይ ቤት፡ ቦታ ስራሕን ከባብን ዝመጽእ ሰብ፡ በቲ መዓልታዊ ዝርእዮን ዘስተማቕሮን ጽሩይ ከባቢ ተጸልዩ፡ ትጉህ፡ ጽባቐ ዘስተማቕር፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጥዕና ዘለዎ ይኸውን። ብዘካየድናዮም ዕዮታት ተተባቢዕና፡ 'ከባቢና ክነቈጻጸርን ክነጸብቕን ንኽእል ኢና' ኢልና ስለ እንሓስብ'ውን፡ ትስፋዋትን ናይ ለውጢ መራሕትን ክንከውን የተባብዕ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ዓረዛ

ሸዊት ወልደሚካኤል ወለኪዳን፣ ኣቡሓጎይ ወለኪዳን ኢያኣብን ዓየይ ታእማር ዓፀን ስለዝዋረሩ፣ 4 ደቂን 5 ደቂ ደቂን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርዓትኣብ ኣንገሶም ካሳ ምባል ተሪፉ፣ ትምኒት ኣንገሶም ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተብርሃን ሃደለ ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ ሰቲት ሃደለ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊቨን ዓወት ተኽለ ምባል ተሪፉ ራህዋ ዓወት ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናትናኤል ተስፋስላሰ ተስፋልደት ምባል ተሪፉ ኣብ ተወልደመድህን ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሪም መሓመድ ስራጅ ምባል ተሪፉ ናጽኑት መሓመድ ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙና መሓመድ ስራጅ ምባል ተሪፉ ሰሃና መሓመድ ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰቲት ኣብርሃለ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ ሩታ ኣብርሃለ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ ደቀምሓረ

ኣቶ ተስፋት ተስፋእየሱስ ሓፍተይ ኣብርሃጼን ተስፋእየሱስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ወልደጉብርኤል ሃይሉ፣ ወኪል ወ/ሮ ልችያ ሃይሉ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ሙሴ ተስፋልደት 2.ያቆብ ዑቕባዝጊ ብናይ ክራይ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ መረሕ ሃብተ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘርኣሰናይ በርሀ ተስፋጋብር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ጆራወርቂ ጉብረያውሃንስ ዘርኡ፣ በዓል ቤተይ ጎይትኦም ተስፋይ ተኽለማርያም ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዘንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት 11 ደቆም ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምሃር ሓድጉ ፍትዊ ምባል ተሪፉ ሄለን ሓድጉ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋ ቢተው ጋድር፣ ኣደይ ኣውዓለት ሃደለ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት መንግስ ሓጎስ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣም የማነይ ጉዕሽ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

ከሳሲ ኣቶ መሓሪ ጠዓመ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰዒዳ ከሊፋ እስማኤል፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ለተብርሃን ተኪኤ፣ በዓል ቤተይ እዮብ ተሰማ ወልደገርግስ ስለዝዋረረ፣ ኣነ ምስ 4 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቤቲኤል ባህታ በርሀ፣ በዓል ቤተይ የሴፍ ተሸመ ደሃይ ዘይብሉ 4 ዓመት ስለዝገበረ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ክፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ዓንሰባ ከረን

ዑመር እድሪስ መሓመድእድሪስ ምባል ተሪፉ ዑመር እድሪስ መሓመድዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ መሓመድዓሊን ወ/ሮ ሓዋ መሓመድን፣ ስም ት/ዕድመ ደቅና 1.ኣሕሰም ኣሕመድ መሓመድ፡ ኣፍራሕ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተሪፉ ኣሕሰም መሓመድ ኣሕመድ 2.ኣፍራሕ መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለን ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ዓንሰባ ሓጋዝ

መሓመድሓጅ ሳልሕ ሓምድ ምባል ተሪፉ ሰዑዲን ሳልሕ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳብሪን ዑመር መሓመድዓሊ ምባል ተሪፉ ሰሚራ ዑመር መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ጋ/ባ/ ባረንቱ

ሳኬ ሹላ ኣርሰይ ምባል ተሪፉ እድሪስ ሹላ ኣርሰይት ባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዝፋን ኪዳ ሰባሲ፣ በዓል ቤተይ ጉብረ ጉብረዝጊ ጉብረመድህን ስለዝዋረረ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሞረን ባሆር ማንታይ ምባል ተሪፉ ሉካ ባሆር ማንታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርየም ዓወት ፈረጅ፣ በዓል ቤተይ ኣቶ ዓሊ ኣምጥ ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሓየሎም ጸጋዮ መረስዑ በዓልቲ ቤተይ ዛይድ ተኪኤ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳውድ ስለማን ፋዱ ምባል ተሪፉ ዳውድ ሱሌማን ፋሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣልጋሽ የማን ጋይም፡ ትሕተ ዕድመ ደቀይ ማሂር ሓጂ ሱሌማን፡ ነቢላ ሓጂ ሱሌማን ምባል ተሪፉ መሂር ሓጂ ሱሌማን፡ ኣርጂ ሓጂ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/05/2024 ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት ይቕረብ።

---

## ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ ናይ ብማ (ኤሪተል) ኣብ እተፈላለየ ቦታታት ኣስመራን ከባቢን ዝርከብ ኣብያተ-ጽሕፈታትን መኣርሒታት ተተኺልሉ ዘሎ ቦታታትን ብኩንትራት ብጽሬት ዘጽሪ ሰለ ዝደለዩ፡ ዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ኣወዳደሩ ክቖጽር ስለዝኾነ ተሞዛረትቲ ይዕድም።

1. ተሞዛረትቲ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፡
2. ተሞዛረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤሪተል ዕድጊ (ከባቢ ፋብሪካ ኣልኮላዊ መስተ ኣስመራ) ቁጽሪ 3 ክወስዱ ይኽእሉ።
3.መኽበሪ ጨረታ 200,000,00 (ክልተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO ክተሕዙ ኣለዎም
4. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።
5.ጨረታ ዝኽፈተሉ ድሕሪ ጨረታ ምዕጻው ኣብ ዘሎ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት መኣከቢ ኣዳራሽ ኤሪተል፡ ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 11 ተሞዛረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
6. ኤሪተል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ ናይ ብማ (ኤሪተል)

---

ብስም ወረስቲ ኣፍ/ኑብያት ጉብረማርያም ተስፋሚካኤል ክልተ ደቀን ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/12 ቁ.ገዛ 98 ጉደና ተካዘ ዝርከብ ንብረት ኣብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣብያቲ ብመወከሲ ቁጽሪ 105933 ቁምስክር ዋንነት 113585 ተመዝጊቡ ዝርከብ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል ሰብ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07151678 ክሕብረና ኣሓትት። እንተዘይቲይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ሩታ ኣፈወርቂ

---

ኣመልካቲ ኣቶ ብርሃነ ጉብረማርያም +14 ዝኾንና ብስምና ማለት ብ15 ወረስቲ ኣፍ/ጉብረማርያም ብንብረት ቁ.መዝ 8071/24 ቁ.ውሳኔ 8.071 መለለዪ ገዛ ASD00028839 ASP00033185 ኣብ 462 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛ ብስም ኩላትና ወረስቲ ተመዝጊቡ ስለዘሎ፡ ብመሰረት ምቅሊትና ኣብ ስምና ማለት ናብ ወረስቲ ክተሓላለፈ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ንቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ የቕርብ።

ብርሃነ ገ/ማርያም

---

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከ/ ኣምሀር ብስም ሃይለሚካኤል እዮብ ዘውደ ብቁ/ ምርሒት መሬት 005 ኣብ ዞን 05 ፕሎት 28፣ ፓርሰል "ኤች" ናይ ዝተመርሐ ናይ ከተማ መሬት ሊዝ ስለዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07177449 ክትሕብሩኒ፤ እንተዘይቲይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምኻነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ግምጃ ጉብረእግዚኣብሄር

---

## ናይ ሓዘን መግለጺ

ብምኽንያት እቲ ብዕለት 14/4/24 ኣብ ከባቢ ባረንቱ ዘጋጠመ ምውዳቕ (ምግምጣል) ኣውቶቡስ ናይ ትካልና ዘጋጠመ ሓደጋ፣ ኑቶም ብሞት ዝተፈለዩ ዓማዊልና መንግስተ-ሰማይ የዋርሶም ንስድራቤት ድማ ጽንዓት ይሃብኩም። እቶም ከቢድን ቀሊልን መጉዳእቲ ዝበጽሓኩም ድማ ኣምላኽ ምሕረት ከውርደልኩም እናተመነና፡ ኑቶም ኣብ ምልዓልን ምእላይን ህሩማትን ምውታትን ዝተሓባበርኩም ከምኡ ድማ ኣብ ምልዓል እታ ኣውቶቡስ ዝተሓባበርኩም ውልቀሰባትን ትካላትን ነመስግን።

ሳታየን ብጾታን (ናይ መጉዓዝያ) ብርኪ ማሕበር

---

ንሕና ወረስቲ ኣፍ/መሓመድ ኣደም ሱሌማን፡ ነቲ ብውርሲ ካብዞም ወለድና ዝረኸብናዮ ብስም ክልቲኦም ወለድና ብቁምስክር-ወረቐት 102526 መወከሲ ቁ.113161 ሊብሬቶ ዝተዋህቦ፡ ኣብ ኣስመራ-ዞባ 2 ምም/02 ጎደና ኢሲ ነር (ናይ ሕጂ ን/ዞባ ገዛባንዳ ጉደና ተኾንዳዕዚፕ ኮድ 1A192) ቁ.ገዛ 15-ቁ.ሎታ 5 ቁ.ፓርቸላ "A" ዝርከብ ኣብ 170.27 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ-ገዛ ናብ ስምና ክተሓላለፈ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን መኣገዲ ትእዛዝ የቕርብ፣ እንተዘየለ ግን፡ መስርሕ ምትሕልላፍ ስም-ዋንነት ከም ንፍጽም ነፍልጥ ኣለና።

ወረስቲ ኣፍ/መሓመድ ኣደም ሱሌማን
1. ወ/ሮ ነጃት መሓመድ ኣደም
ወኪል ኣቶ የኑስ ኣደም ሱሌማን
2. ኣቶ ሰሚር መሓመድ ኣደም
ወኪል ኣቶ የኑስ ኣደም ሱሌማን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project planner/Scheduler**

   **Department: Process Plant**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Lead project planning, scheduling, cost controlling and expediting and update plans for execution. This role will be a key drive for project delivery. In addition, position is responsible to identify and order relevant parts and materials required for construction, following site and offsite procurement procedures. Cost controller includes planning, developing, controlling and forecasting projects budget.
- Able to oversees and organizes information to increase the efficiency of a company's projects. A planner/scheduler also compiles reports on factors related to projects in order to assist in the decision-making process. They could also review processes to ensure each production part transitions well.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Design all project schedule and contract agreements and ensure integrity of data in all project life cycle and prepare required reports to provide support to all project stakeholders.
- Prepare an efficient Project Master Schedule and maintain knowledge of all key project milestones.
- Administer project from conceptualization to implementation and evaluate all planning issues.
- Design all planning controls for various levels with all resources.
- Design an efficient engineering project schedule and prepare all vendor packages in coordination with project technical plans.
- Ensure compliance to schedule and manage all project deliverables and recommend increase in all engineering processes.
- Administer all projects and assist in appropriate distribution of all project hours.
- Evaluate all man hours spent for various activities and prepare accurate reports for same and maintain record of all project progress.
- Evaluate all fabrication site and vendor schedule and ensure adherence to contract master schedule.
- Ensure efficiency of all schedule plant production with help of ERP business system software
- Collaborate with all cross functional team to maintain quality assurance for all activities.
- Assist to identify and resolve all issues in normal operations and manage all communication for all schedule disruption.
- 

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning / Scheduling
- Reporting
- Execution
- Expediting
- Administration
- Cost Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Has a wide experience and knowledge about project management principles and can work with Projects Planning, Scheduling, Expediting, Materials inventory, Reports, Write ups and Cost Control.
- The position as a planner has much more detailed product knowledge, and as a scheduler is an expert on the scheduling tools and detail level task sequences.
- Candidate must be physically medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Must have diploma/degree in engineering, construction management, or related field.<br>○ 10+ years experience in project management, with a focus on construction projects.<br>○ 5 years experience in project planning, cost controller, scheduling and expediting | ○ 10 years relevant experiences in construction<br>○ Has good understanding of Project Materials Specification and Expediting<br>○ Has Good understanding of MS Project for project scheduling, resource and cost<br>○ Has good experience with Project Cost Control and Filing system<br>○ Has good understanding of project work sequencing and activity dependencies for project scheduling |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy (MS Office – mid to advance level), Advance MS Project user or other scheduling tool, Attention to detail, Analytical skill, Problem solving skill, Supervisory Experience, MS Project Skills, Strong understanding of construction methods and materials, Strong understanding about cost reports and cost schedule, Project management principles relates to project scheduling. | ○ Excellent Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of Accuracy, Self-motivation, Dedication to safety, Time Management, Leadership |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣርኣያ ጉብረማስቀል ተኽለይ፡ ኣደይ ርግበ ጉብረኺገስ ዓንደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጽገ ወልደዳዊት ኣስፍሃ፡ ኣደይ ኣስገደት ዘርኡ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቀማሽ ስዒድ፡ በዓል ቤተይ ሽሞንዲ ስዩም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምኻና ደረጋገጸላ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ፍዮና ኣማን እስቲፋኖስ ምግቢ ተሪፉ፡ ሄልደን ኣማን እስቲፋኖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣድያም ዓንደሚካኤል ምግቢ ተሪፉ፡ ኣርያም ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ካፕ/ምሕረት ኪዳነ ተኪኡ፡ ኣቦና ኪዳነ ተኪኤ ወልደጋብርን ኣዴና ውዳሴ ደባስ መንግስቱን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሃብቶም ተስፋስላሴ ኢሳቕ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ስምረት መሓሪ ዓንዶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ማእከል ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ኪዳነ ዘርእዝጊ፡ ኣዴና ለተሚካኤል ንጉሰ ሕድሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉኑት ተኪኤ ተኸስተ፡ ኣዴና ኣምለሱት ዑቕባገርግሽ ሰገድ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ህልዋት ኣሕዋተይን ሓደ ስውእ ተተካኢት ጓሉ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ

ወ/ሮ ታሂረ የውሃንስ ክፍለማርያም፡ ኣቦና የውሃንስ ክፍለማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንሕና 4 ደቁ ወረስቱ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ን/ዞ/በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሸሻይ ኣውጻኣና ካሕሳይ፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃም መንግስቱ ክፍለ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ የናስ ምስየኖ ግርማይ ምግቢ ተሪፉ፡ ፍሊጳስ ምስየኖ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ መንደፈራ

ኣብ መንነ ይ/ባዚሊት ወ/ሮ ኣለም ተኽለ ደስታን መ/ወሃቢቲ 1.ኣቶ ንኣምን ብርሃ 2.ወ/ሮ ሽዊት ኣረፋይነ ብዘሎ ናይ ምልቃቕ ገዛ ክርክር፡ መ/ወሃቢቲ 2.ወ/ሮ ሽዊት ኣረፋይነ ብኣድራሻኺ ክትርከቢ ስለዘይተኻእለ ብጋዜጣ ተጸዊዕኪ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ደባስ መለሰ ኣብረሃ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጉርጃ ጉብረሂወት ተወለ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1ወደና ድማ ወራሲ ምኻኑ ደረጋገጸሉ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሾለ ወልደገርግስ ተስፋሚካኤል ምግቢ ተሪፉ፡ ፀጋበ ወልደገርግስ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ሰለሙን ሓድጉ፡ ኣዴና ሂወት ተኽለ ጉብረሂወት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንጉስ ኣባይ ጉብረጻድቕ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ፍስሃጼን በርሀ ወልደጉብርኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርሴማ ኣርኣያ ሃይለ ምግቢ ተሪፉ፡ ኤልዳና ኣርኣያ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ፍዮሪ ጺጋይ ተኽለ፡ ተኸሳሲ ሚከኤል ተስፋኣለም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ሃና ሞባእ ወልደሚካኤል ምግቢ ተሪፉ፡ ልዋም ሞባእ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣለምብርሃን ደስታ፡ ሓፍተይ ለምለም ደስታ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲ ሃይለ ኣብርሃ መድሃኔ፡ ኣብ ኣስመራ ዞ/ማእከል ምምሕዳር ፓራዲዞ ጎደና 121-2 ቁ/ገዛ 48 ብስመይ ዝተመዝገበ መለለዪ ቁ.181118 መወከሲ ቁ. 141668 ናይ ገዛይ ልብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ነዚ ሊብሬቶ እዚ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሓዙዎ ዝብል እንተልዩ፡ ብቁ. ተሌፎን 07113433 ይሓበረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መተካእታ ክሓትት ምኻነይ እሕብር።


ሃይለ ኣብርሃ መድሃኔ

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ዚፕ ኮድ 1A185 ዝርከብ ብስም ወላዲተይ ነፍ/ ንግስቲ ብርሃ ጉብረ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 104067 መወከሲ ቁጽሪ 112601 ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋግጽናዮ ወርሻ ናብ ስምና ክንመሓላለፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምኻንና እሕብር።

ኣቶ ለውጂ ብርሃ

ኣነ ዓናጊት ደሞት ሃብተማርያም ጉብረመድህን፡ ካብ ሽየጥቲ ኣቶ ሃብተማርያም ሃይለ ኣስገዶምን ወ/ሮ ኣስገደሽ ትኳቦኡ ምራጭን ብዕለት 21/12/2005 ዝዓደግክዎ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከበቢ ጎዳይፍ ዞባ 3 ምም. 10 ጎደና ኣርበኞች ዝርከብ፡ ስፍሓቱ 88 ት/ሜትር ሓደ ክፍሊ መደቀሲ፡ ሓደ ክሽነ ዘለዎ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111125 ብመወከሲ ቁ.122566 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፣ ብዘለኒ ውዕል ናይ ገዛ መሸጣ ስምምዕ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፤ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር።

ደሞት ሃብተማርያም ጉብረመድህን
ሞግዚት ወ/ሮ ጺጋ ሃብተ



### ምስጋና

ብሃንደበታዊ ማሕምኦቲ ተጋዳላይ የማነ ጎይትኦም ሰገድ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ዓዲ-ሕርማ ብምኻድ ዘቃብርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ሓው ኣቶ መኮንን ጎይትኦም
ሓብቱ መም. ዘውዲ ጎይትኦም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ እኖና ኣዴና ለተሰላሴ ተስፋማርያም (ጓል ጎመራ) ሓዘንና እናገለጽና፣ ቤተሰብን ፈተውትን ክሳብ ዓዲ ኳላ ብምኻድ ሓመድ ኣዳም ዘላበስኩምናን ገዛ ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር።

ጓላ ወ/ሮ ጽገ ጎይትኦም ምስ በዓል ቤታ
መም. ኣብርሃለይ ፍስሃጼን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቕሮ ወድና ተመሃራይ እሰይ የናስ ሃብተማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ግዜ ሕማሙ ኣትሒዝኩም ኣብ ገዛን ሆስፒታልን ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ዘቃብርኩምናን ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩም፡ ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ወለዱ መም. የናስ ሃብተማርያም ምስ ወ/ሮ ሰናይት ወልዳይ
ምሉእ ስድራ ቤትን

### ሓራጅ

ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማሳል ወረ/ኛ ተወልደ ሃይለ ወ/ሮ ጸገረዳ ተወልደ +6 ብፍ/በ/ ዕዳ ኣቶ ስምኦን ሃይለ ቀላቲ ብዘተፈጠረ ክርክር፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዞባ 6 ምም/08 ጎደና 823 ብቁ/ገዛ 23 ስፍሓት መሬት 334.65 ቁ ሎታ 4 ፓርቸላ ኣይ ቀንዲ ክፍልታት 10 ሓገዝቲ ክፍልታት 3 ዝተሰርሐ ብስም ብፍ/በ/ማሳልን ብፍ/በ/ዕዳን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ ብፍ/በ/ማሳልን ብፍ/በዕዳን ብማጠን ብጽሒቶም ገንዘቦም ክመቕሉ ክብል ስለ ዝኣዘዘ፣ እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ብክኢላ ማጣኒ ዋጋ 314.139.47 ናቕፋ (ሰለስተ ሚእትን ዓሰርተ ኣርባዕተ ሽሕን ሚእትን ሰላሳን ትሸዓተን 47%) ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ክወዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ cpo ብምስራሕ ወይ BOOK ሕሳቡ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ.62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ።
ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን።
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቁ/67 ክውከስ ይኽእል።
ገዛ ጨረታ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይተመናይ ዮፕ 112-8 (ዝፋን ተወልደ ስኡ ጸባቐ ጸጉሪ ርእሲ)
ዕለት ሓራጅ፦ 28/5/2024
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ
ቦታ ሓራጅ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ፈጻሚ ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ብስም ተስፋማርያም ጉብረማርያምን ኢትየጵያ ተስፋስላሴን ኣብ ከበ. ምም/ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ባሕሪ ባራ ፕሎት 68 ፓርሰል C ብቑጽሪ መለለዪ ምዝገባ 1BRASM018755 ዝርከብ ገዛ፣ ስፍሓት 250 ት/ሜ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ተቓውሞ የቕርብ፡፡ እንተዘይቐሪቡ ናብ ስም ዓዳጋይ ከመሓላልፍ ምኳንና ንሕብር፡፡

ኢትየጵያ ተስፋስላሴ

---

ኣነ እምሃ ኣብርሃ መሓሪ ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ከበ. ሓለቡት ፕሎት 43 ፓርሰል "A" ዚፕኮድ 1A752 ጎደና 752-8 ዓይነት ተራ ገዛ መለለዪ ንብረት ምም. ASD00046817 ዝርከበ፡ ስፍሓት መሬት 209.50 ት/ሜትር፡ ብዘሐ ክፍልታት ቀንዲ 5 ሓጋዚ 2 ዘለዎ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ምስክር ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቑ.ንብረት 1BRASM016721/1 ተመዝገበ ዋንነቱ ዘተረጋገጸ ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

እምሃ ኣብርሃ መሓሪ

---

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣሰቡኮ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ፡ ንዓመተ 2024፣ ቀሊብ ንዘዳልወ፡ ዝተፈላለዩ እንጀራታት ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣውዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም

1.ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡

2.ናይ 2022 ግብሪ ዝተኸፈለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡

3.ኣፍሲ ወሰፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብcpo የትሕዙ፡፡

4.ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቕረብ፡፡

5.ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ት ጽሕፈት ኣሰቡኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡

6.ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቡኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡

7.ኩሉ ዓይነት ቀረብት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡

8.ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብከፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣሰቡኮ፡፡

---

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኣሰቡኮ ኣብ ጽላሉ ዝመሓደሩ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ፡ ንዓመተ 2024፣ ቀሊብ ንዘዳልወ፡ ዝተፈላለዩ ኣሕምልትን ፍረታትን ንሓደ ዓመት ሰሙናዊ ከቕርቡ ዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ኣውዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፣ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም

1.ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን መንነትን ፎቶ ኮፒ፡፡

2.ናይ 2022 ግብሪ ዝተኸፈለሉ ወረቐት ፎቶ ኮፒ፡፡

3.ኣፍሲ ወሰፍ ተጫራታይ መኽበሪ ጨረታ 10,000 ናቕፋ ብcpo የትሕዙ፡፡

4.ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቕረብ፡፡

5.ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤ/ት ጽሕፈት ኣሰቡኮ ኩርባ እምባይቶ ይኽፈት፡፡

6.ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሰቡኮ መጺኦም ይወስዱ፡፡

7.ኩሉ ዓይነት ቀረብት ቀዳማይ ደረጃ እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን፡፡

8.ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነቲ ጨረታ ብከፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ትካል ኣሰቡኮ፡፡

---

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.co

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting interested applicants for the following position for Bisha site project.

**Position: Accounts Payable Officer**
**Department: FITS/Finance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Receive, check, and process invoices and prepare and follow up payments to suppliers, preparing vendor account reconciliations and managing cash flow requirements, including communicating and providing feedback with suppliers for queries.

**Essential Functions**

- Creating, maintaining, and updating vendor registration.
- Processing Invoices and preparing payment to vendor.
- Preparing daily, weekly, monthly vendor balance for review.
- Preparing vendor account and bank reconciliations.
- Indexing, archiving, and retrieving all supplier related documents.

**Main function**

- Creating, maintaining and updating vendor registration.
- Processing invoices.
- Reconcilations.
- Reporting.
- Administration.

| | |
|---|---|
| **Qualifications:** | |
| • Certificate in commercial school or | |
| • Certificate in accounting | |
| • Diploma in accounting will be an advantage | |
| **Knowledge and Experience:** | |
| • 3-5 Years general knowledge in accounting and 3 years Accounting related software is an advantage. | |
| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced) | Interpersonal Skill |
| Attention to detail and accounting knowledge | Communication (English and local language) |
| Compliance to accounting standards | Ability to meet deadlines |
| Numeracy skills and reporting skills Candidate must be physically and medically fit | Accuracy, Confidentiality |

**General Information and other requirements:**

- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Place of work: Bisha**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to.**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276**
  **Asmara, Eritrea**

- **Note to Non-Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **1.Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940**
  **Asmara, Eritrea.**

  **2.Mineral Resources Management**
  **P. O. Box 272**
  **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማይ-ተመናይ፡ ኣብ ውዱእ ግዜ ካብ ኣስመራ ቢራ ነጥቢ ወሲዳ

### ገዛ ባንዳ፡ ናይ መጀመርያ ነጥቢ . . .

ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ብሰለስተ ማዕረ ዝተፈላለዩ ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብዚ ናይ ታሽዓይ ሰሙን ውድድር፡ ፈለማ ኣልታሕረር ምስ'ታ ዘኾነ ነጥቢ ዘይነበራ ገዛ ባንዳ እያ ገጢማ። 0ብ0 ብምፍልላየን ከኣ ገዛ ባንዳ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ሓንቲ ነጥቢ ሒዛ ክትውድእ ክኢላ።

ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ግጥም ኩባንያ ሰገንን ኣዱሊስን ተኻፊዶ። ኣብ ኣጋ ምዝዛም ቀዳማይ እብረ፡ ሰገን ካብ ዓወት ዐቻባይ መራሕነት ዘተሓዘታ ሽቶ ረኺባ።

ኣቐዲማ ኣኪታቲላ ሰለስተ ግዜ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ብምዕዋት ትሸዓት ነጥቢ ኣዋህሊላ ዝነበረት ኣዱሊስ ግን፡ ኣብ መበል 83 ደቒቕ ብመገዲ ዓድል መሓመድ እተመዝገበት ሽቶ ረኺባ ሓንቲ ነጥቢ ተማቒላ። ዓወት ዐቻባይ ድማ ብለጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተሰምዩ።

ሳልሰይቲ ዝቐጸለት ኣስመራ ቢራ ምስ'ታ ሓሙሽይቲ ዝነበረት ማይተመናይ ዘካየደቶ ግጥም'ውን ኣካል እታ ዕለት ነይሩ። ቢራ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ መበል 49 ደቒቕ ካብ ኣቤል ወልደየሱስ መረሕነት ዘተሓዘታ ሽቶ ኣመዝጊባ።

እዛ ጋንታ፡ ምሉእ ነጥቢ ወሲዳ እናተባህለ ግን፡ ማይ ተመናይ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ተቐይሩ ካብ ዝኣተወ ኣፈወርቂ ዛይድ በርቃዊት ሽቶ ኣመዝጊባ ነጥቢ ተማቒላ። በዚ ውጽኢት፡ ቢራ 18 ነጥቢ፡ ማይ ተመናይ 14 ነጥቢ ሒዘን ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድረን ዛዚመን። ብለጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ኣብል ቢራ ናህም ግንደብርሃን ተጸዊዑ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 21 ሚያዝያ ጎዳይፍ ምስ ደንደን፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩባንያ ሰምበል ብዘካይዳኦ ግጥም ክቕጽል እዩ። እዚ ግጥም፡ መዛዘሚ ናይ ቀዳማይ ዙርያ እዩ።



## ማን ሲቲ - ቸልሲ

ካብ ዝምስረት 153 ዕድመ ዘቑጸረ ዝገደመ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ዓለም ምዃኑ ዝፍለጥ ኤፍኤ ካፕ፡ ሎሚ ቀዳም ኣብ ሃገራዊ ስታድዩም ዌምብሊ ንማን ሲቲን ቸልሲን ኣብ ጸወታ ፍርቂ ፍጻመ ከራኽቦን እዩ።

ማን ሲቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብሪያል ማድሪድ ብፍጹም ቅላዕ ተሳዒራ ብምውፃኣ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ዓመት ስሉሳዊ ዓወት ንምልዓል ዝነበራ ጥሙሕ ተቛጽዩዋ ይርከብ። እንተኾነ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ስለእትርከብ፡ ኤፍኤ ካፕ እውን ኽኣ ኣብ ውድድር ብምህላው፡ ክልተ ዕድል ኣለዋ።

ሲቲ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ንሸድሸተ ተኸታተልቲ ዓመታት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ዝበጽሐት ፋልመይቲ ክለብ ብምዃን፡ ክብረ-ወሰን ክትሕዝ በቒዓ እያ። እዛ ንሻመናይ ዓመታ ብፔፕ ጓርድዮላ እትሰለም ዘላ ክለብ፡ ብሓፈሻ ኣብ ትሕቲ እዚ ኣሰልጣኒ ሸውዓተ ግዜ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ።

ይኹን'ምበር፡ ጓርድዮላን ተጻወትቱን ክልተ ግዜ ጥራይ እየም ናብ ፍጻመ ክሓልፉ ክኢሎም። ኣብ 2018-19 ከምኡ'ውን ዝሓለፈ ዓመት 2022-23፣ ንኽልተአን ድማ ተዓዊቶምለን።

ቸልሲ፡ ዘይከም ማን ሲቲ ዝሓለፈ ሰሙን ንኤቨርተን ብገፊሕ 6ብ0 ስዒራ ፍናን ሰሪቓ እያ ናብዚ ግጥም ክትኣቱ። እዚ ዓወት እዚ፡ እቲ ዝዓበየ ዓወት እዩ - ድሕሪ ምምጻእ ዓሰልጣኒ ማውሪስዮ ፖቸቲኖ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ትሸዓት ናይ ሊግ ግጥማታ ዝኾነ ስዕረት ኣይገጠማን ኣሎ። በዚ ከኣ ደረጃኣ ብዝኽምታ እናኣመሓየሸት ካብታ ሻዱሻይ ዘላ ኒውካስል ብሰለስተ ነጥቢ ድሒራ ናብ ሻብዓይ ሓኹራ ትርከብ፡ ጎደሎ ሓንቲ ጸወታ ስለዘለታ እውን ክትመዓራረ ዘኽእል ዕድል ኣብ ኢዳ ኣሎ።

እዛ ለንደናዊት ክለብ፡ ቀደሚ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕ ኣብዚ ሜዳ ብሊቨርፑል ዋንጫ ተመንጢላ ምንባራ ይዝከር። ሎሚ ኣብዚ ግጥም ተዓዊታ ናብ ፍጻመ እንተሓሊፋ ከኣ ንሳልሳይ ግዜኣ ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕን ኤፍኤ ካፕን ክትበጽሕ ዝኽኣለት ሳልሰይቲ ክለብ ክትከውን እያ። እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2006-07 ናብ ፍጻመ በጺሓ ንኽልቲኤን ክትዕወተለን እኽላ፡ ኣብ 2021-22 ግና ንኽልቲኤን ከሲራተን ነይራ።

ሊቨርፑል፡ ኣብ 2000-01፡ 2011-12፡ 2021-22፣ ከምኡ'ውን ማን ዩናይትድ ኣብ ዓመተ-ስፖርት 1982-83፡ 1993-94ን 2022-23ን ጥራይ እየን፡ ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለየ ዓመተ-ስፖርት ኣብ ክልቲኡ ውድድራት ናብ ፍጻመ በጺሐን ዝፈልጣ።

ቸልሲ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ዝሓለፉ ትሸዓት ናይ ሊግ ግጥማት ኣይተሰዓረት፡ ኣብዚ ወቕቲ ግና፡ ምስ ደረጃኣን ሰማን ዘይከይድ ሕማቕ ጉዕዞ ኣብ ምሕላፍ ከምእትርከብ ይፍለጥ። ብኣንጻሩ፡ ምስ ሲቲ ኣብ ዘካየደቶ ክልተ ናይ ሊግ ግጥማት ምስ ብለጽ ጸወታኣ ማዕረ እያ ተፈላልያ። ኣብዚ ንሓዳኣን እተሕልፍ ሳልሰይቲ ጸወታኣን ከኣ ናይ ዘይተሰዓረት ጉዕዞኣ ክትቕጽል ትጸበት ደገፍታ እያ።

**ህሉው ኩነታት ተጻወትቲ**

**ሲቲ**

ጓርድዮላ፡ እቶም ረብዕ ምሸት ዘይምቹኣት ዝተሰምዖም ቀዳሞት ተሰለፍቲ ደ ብሩየ፡ ሃላንድን ኣካንጂን ብቑዓት ክኾኑ ተስፋ ገይሩ ኣሎ። እዞም ተጻወትቲ፡ ኣብቲ ግጥም ተቐይሮም ከወጽኡ ምሕታቶምን ምውጽኦምን ይዝከር። ኣከን ስቶንስን ግና፡ ኣብ መስመር ምክልኻል ምስ ምክር ክሰለፉ ምኻኖም ይግለጽ።

**ቸልሲ**

ኣብቲ ምስ ኤቨርተን ዝተኻየደ ግጥም ዘይተሰለፉ ኢዝካን ዲሳሲን ሎሚ ኣብርክቶ ክህልዎም ከምዝኽእል ይግለጽ። ዝሓለፈ ሽዱሽተ ግጥማት ዘይተጻወተ ለቪ ኮልዊል እውን ናብ ጸወታ ከምለሰ እዩ - ብመሰረት ጋዜጣታት እንግሊዝ።

**ካብ ስታቲስቲክስ**

* ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ግጥማት ንሲቲ ሽቶ ዘመዝገበ ኣጥቃዓይ ቸልሲ ራሒም ስተርሊንግ፡ ኣብዚ ጸወታ ሽቶ ምስ ዘመዝግብ፡ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ቸልሲ ኣብ ሓደ ወቕቲ ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ግጥማት ንሲቲ ሽቶ ዘመዝገበ ክኸውን እዩ።

* ሲቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ መወዳእታ ሸሞንተ ዝተፈላለዩ ግጥማት ብቸልሲ ኣይተሳዕረትን - ሽዱሽተ ዓወት ክልተ ማዕረ።

* ቸልሲ፡ ንመበል 27 ግዜኣ እያ ናብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ። ድሕሪ ማን ዩናይትድ 32፡ ኣርሰናል 30 - ሳልሳይ ዝበዝሐ ግዜ ዝበጽሐት ድማ ኮይና ትርከብ። ኣብ ፍጻመ ከኣ 16 ግዜ ብምሕላፉ ድሕሪ'ዘን 21 ግዜ ዝበጽሓ መወዳደርታ ትስዕብ።

**ተጠማቲ ተጻዋታይ**

ናይ'ዛ ጸወታ ተጠማቲ ተጻዋታይ፡ ኮል ፓልመር ምዃኑ ይግለጽ። እዚ መንእሰይ ኣጥቃዓይ ቸልሲ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣርባዕተ ሽቶታት ብምቑጻር፡ ብ20 ሽቶታት ምስ ሃላንድ ተመዓራርዩ መራሒ ፕሪመር ሊግ ይርከብ። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣንጻር እዛ ሎሚ ዝገጥማ ናይ ቅድም ክለቡ መመዓራረዪት ሽቶ ኣመዝጊቡ ዝነበረ ፓልመር፡ ኣብዚ ግጥም'ውን ጽልዋኡ ዓቢ ክኸውን ተስፋ ደገፍቱ እዩ።



## ናግለስማን፡ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ጁሊያን ናግለስማን፡ ክሳብ ምውዳእ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝጸንሕ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ መስከረም ንቦታ ሃንሲ ፍሊክ ተኪኡ መዝሙት ዝተቐበለ ናግለስማን፡ ኣቐዲሙ ዝፈረሞ ውዕል፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ - 2024 ምስ ምውዳእ ዋንጫ ኤውሮጳ ዘብቅዕ እዩ ነይሩ።

"እዚ ውሳኔ ካብ ልበይ እዩ። ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ምዕላም ዓቢ ክብሪ እዩ።" ኢሉ ነዚ ውዕል ምስ ፈረመ፡ ናግለስማን፡ ዛጊት ኣብ ሽዱሽተ ግጥማት ሰለስተ ግዜ ተዓዊቱ ኣሎ።

እዚ ወዲ 36 ዓመት መንእሰይ ዓሰልጣኒ፡ ኣብ መጋቢት 2023 ብባየር ሙኒክ ምብራሩ ይዝከር። ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ ክራማት ደጊሙ ንቦታ እቲ መዝሙቱ ዝተቐበለ ቱቸል ክሕዞ ከምዝኽእል ድማ ክቃላሕ ተሰሚዑ ነይሩ።

ዋንጫ ዓለም 2026፡ ካብ 11 ሰነ ክሳብ ሓምለ 19 እዩ ኣብ ኣመሪካ፡ ካናዳን ሜክሲኮን ክካየድ። ጀርመን እተሰናድኦ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ከኣ ካብ 14 ሰነ ክሳብ 14 ሓምለ እዩ ክሳላሰል።

## ክለባት እንግሊዝ . . .



ትማሊ ምሸት ሊቨርፑልን ዌስትሃምን ካብ ርብዒ ፍጻመ ሊግ ኤውሮጳ ብምውፃኤን ደጊም ዝኾኑት እንግሊዛዊት ክለብ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግን ሊግ ኤውሮጳን ኣይክትህሉን እያ - ኣብ 21 ዘመን ንኻልኣይ ግዜ።

ማን ሲቲን ኣርሰናልን ኣቐዲመን ካብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ተኣልየን እየን። በዚ ከኣ እዛ ዓመተ-ስፖርት፡ ምስተን ዝኾኑት እንግሊዛዊት ክለብ ፍርቂ ፍጻመ ዘይበጽሓትለን ናይ 2002-03ን 2014-15ን - ወቕቲ ተደሚራ ኣላ።

ዘይምሕላፈን ስለምንታይ ኣገራሚ ኮይኑ?

ፕሪመር ሊግ፡ እቲ ዝዓበየ ሊግ እናተባህለ፡ ንዓመታት ብድምር ኩለን ክለባት በልዮናት ፓውንድ ኣብ ሸመተ ተጻወትቲ እናወጽኣ፡ ክሸ ርብዒ ፍጻመ ዘይምብጽሖ ኣዝራቢ ኮይኑ ኣሎ።

ድሕሪ 2020፡ 10 ካብቶም 12 ዝዓበዩ ዝተባህሉ ማስርሕ ምኽሪ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ብክለባት እንግሊዝ እዮም ተተሚቢሮም። ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት፡ ካብተን 20 ልዑል ወጻኢ ዝገበራ ክለባት እተን 13 እንግሊዛውያን እየን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መዛዘሚ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ሜዳ ዌምብሊ እንግሊዝ፡ ሊግ ኤውሮጳ ከኣ ኣብ ከተማ ዱብሊን - ኣየርላንድ ክካየድ ምዃኑ ድማ፡ ንእንግሊዛውያን ተወሳኺ ዘሕርቕ ክስተት ኮይኑ'ውም ኣሎ።

እዚ እናኾነ ግን፡ ኣብዚ ቅድሚ ክልተ ዓመታት ዝጀመረ ሳልሳይ ኤውሮጳዊ ውድድር ኮንፈረንስ ሊግ፡ ኣስቶን ቪላ ሓሊፋ ብምህላዋ፡ ፕሪመር ሊግ ምሉእ ብምሉእ ካብ ኤውሮጳዊ ውድድር ኣይወጸትን።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል

በርኽ - ጎዳይፍ 2፡00 ድ.ቀ

ገጀረት - ኢንሹራንስ 4፡00 ድ.ቀ

**

**ፕሪመር ሊግ**

ሉቶን - ብሬንትፎርድ 5፡00 ድ.ቀ

ሸፊልድ - በርንሊይ 5፡00 ድ.ቀ

ዎልቭስ - ኣርሰናል 9፡30 ምሸት

**

ኤፍኤ ካፕ - ፍርቂ ፍጻመ

ማን ሲቲ - ቸልሲ 7፡15 ድ.ቀ

**

**ጽባሕ**

ውድድር ዝዋሪት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ካብ 7፡00 ቅ.ቀ ብዝካየድ ጸወታ ክዛዘም እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* ዓሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ኤሪ ተን ሃግ፡ ምስ ቦሩሽያ ዶርትመንድ ዝርከብ ሳንቾ ዘርእዮ ዘሎ ምንቅስቓስ - ሓሳቡ ኣቐዪሩዎ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኖ፣ ሳንቾ ብለጽ ተጻዋታይ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። ዝጎድሎ ኣይኮነን። እዚ ኣይኮነን እቲ ጉዳይ። ጽቡቕ ኣበርክቶ እዩ ዝገብር ዘሎ" ክብል እኳ እንተኣደነቆ ዝተቐየረ ሓሳብ ከምዘይብሉ ገሊጹ።

እዞም ክልተ ወገናት ሰሪቲ ንጉዳዮም ዘወጽኦ ጭንቀም፡ ከምዘይተቓደወ ይፍለጥ። በዚ ከኣ ሳንቾ፡ ኣብዛ ጋንታ ዕድል ተሓሪምዎ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ዶርትመንድ ተሰጊሩ።

* ባየር ሙኒክ ኣብ ራዳር ማን ሲቲ ኣትዩ ዘሎ ኣጥቃዒኣ ጃማል ሙሲያላ ክትሸጦ መደብ ከምዘይብላ፡ ጀርመናዊት ጋዜጣ ቢልድ ኣቃሊሓ።

ሙኒክ፡ ኣብ መዛያኡ ወሰኽ ብምግባር፡ ኣብ ሰነ 2026 ዝብቅዕ ውዕል ከተናውሓሉ እውን መደብ ከምዘለዋ እዛ ምንጪ ተረዲኡ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኬንያ፡ ሞት ዋና ኣዛዚ ሰራዊታ ዘኸተለ ሓደጋ ነፋሪት ትምርምር

መንግስቲ ኬንያ፡ ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ዝርከቦም ሓሙሽተ ወተሃደራዊ መራሕቲ



ዝሓለፈ ሓሙስ ብሓደጋ ሄሊኮፕተር ድሕሪ መማተዩ፡ ጠንቂ'ቲ ትራጀዲ ንምፍላጥ ሓንቲ መርማሪት ጉጅለ ናብቲ ቦታ ሓደጋ ከምዝለኣኸ ኣፍሊጡ፡፡

ፕሬዝደንት ዊልያም ሩቶ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ወተሃደራዊት ሄሊኮፕተር ኣብ በረራ እንከላ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል'ታ ሃገር ሃንደበት ወዲቓ ከምእተሓምሸሸት ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብኣ ተሳፊርም ዝነበሩ ወዲ 61 ዓመት ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ኬንያ - ጀነራል ፍራንሲስ ኦሞንዲ ኦጎላ ዝርከቦም 10 ላዕለዎት ወተሃደራውያን መራሕቲ ከምዝሞቱ ገሊጹ፡፡

ካብቲ ሓደጋ ክልተ ሰብ ጥራይ ብህይወት ከምዝተረፉ ዝገለጸ እቲ ፕሬዝደንት፡ ሬሳ ናይ'ቶም ዝሞቱ ወተሃደራውያን ሰብኣዊ ተሳዒሉ ናብ ናይሮቢ ተላኢኹ ከምዘሎ ኣረዲኡ፡፡

"እዚ ሞት ናይ ወተሃደራውያን ኣርኪናት ንሃገርና ከቢድ ጓሂን ሰንባደን'ዩ ፈጢሩ ዘሎ" ዝበለ ዊልያም ሩቶ፡ ናይ ሰለስተ መዓልታት ሃገራዊ ሓዘን ተኣዊጁ ከምዘሎ ገሊጹ፡፡

ኣብ 1984 ናብ ሰራዊት ኬንያ ዝተጸንበረ ብዓል ኣርባዕተ ጸሩራ ጀነራል ኦጎላ፡ ዝሓለፈ ዓመት እዩ ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ኬንያ ኮይኑ ብፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ተሸይሙ፡፡

እቶም ወተሃደራውያን ሰበስልጣን ኣብ ሰሜናዊ ሰንጫሮታት እታ ሃገር ብሸፋቲ መጥቃዕቲታት ሽፋቱ ንዝተዓጽዋ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምኽፋት ይኸዱ ከምዝነበሩ መርበብ ሓበሬታ ቢ.ቢ.ሲ. ኣመልኪቱ፡፡

## "ዓበይቲ ከተማታት ቻይና ይሰጥማ ኣለዋ" ተመራመርቲ

ኣስታት ፍርቂ ካብ ዓበይቲ ከተማታት ቻይና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ንታሕቲ እናሰጠማ (እናሃመማ) ይኸዳ ከምዘለዋ፡ ተመራመርቲ ገሊጾም፡፡

ገለኣን ከተማታት ኣዝዩ ቅልጡፍ ናይ ምስጣም ምልክታት የርእያ - ማለት ዓመታዊ ብልዕሊ 10 ሚ.ሜ ንታሕቲ ይሰጥማ ምህላወን ድማ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

ጠንቲ ናይ'ቲ ኩነታት፡ ምጉሕጓሕ ትሕተ-ባይታዊ ማይን ምውሳኽ ክብደት ህንጻታትን ምዃኑ እውን ኣገንዚቦም፡፡

ብመሰረት እቶም ክኢላታት፡ ኣብ ትሕቲ እተን ዓበይቲ ከተማታት ዝርከብ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ከምዝጉሕጎሕ ዝገብር ዘሎ ቀንዲ ጠንቂ - ቅልጡፍ ክትምና እዩ፡፡

ብፍላይ እተን ኣብ ደንደስ ባሕሪ ዝተደኮና እሞ ንታሕቲ ናይ ምስጣም ምልክታት ዘርእያ ዘለዋ ከተማታት፡ ምስ ምውሳኽ ማጠን ምልኣት ባሕሪ፡ ድሕሪ ግዜ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ነበርተን ንሓደጋታት ዕልቕልቕ ማይ ቀሊዖት ክኾኑ ምዃነን፡ እቶም ተመራመርቲ ኣጠንቂቖም፡፡

ወግዓውያን መጸናዕቲታት ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ ቻይና ዓበይቲ ከተማታት ንታሕቲ ናይ ምስጣም ምልክታት ክርእያ ዝጀመራ - ንፈለማ እዋን ኣብ 1920ታት እዩ፡፡ ካብ ሽዑ ንድሓር፡ እታ ልዕሊ 24 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋን ኣብ ዓለም ብጽዕቂ ህዝባ እትልለን ከተማ ሻንግሃይ፡ ብልዕሊ 3 ሜትሮ ሰጢማ ትርከብ፡፡

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ቢ.ቢ.ሲ፡ እቶም ካብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርስቲታት ቻይና ዝተዋጽኡ ጉጅለ ተመራመርቲ፡ ካብ 2015 ክሳብ 2022 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ነፍሲ-ወከፈን ካብ 2 ሚልዮን ንላዕሊ ህዝቢ ኣብ ዝነብረሉ 82 ከተማታት መጸናዕቲታት ድሕሪ ምክያድ፡ 45% ካብኣተን ዓመታዊ ብልዕሊ 3 ሚሊሜተር ይሰጥማ ከምዘለዋ ክረጋግጹ ክኢሎም፡፡



## ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዳግማይ ሕነ ከምዘይትፈዲ ኣመት ሂባ

ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ከተጥቅዓ ምኽና ብተደጋጋሚ ክትፍክረላ ዝቐነየት እስራኤል ዳግማይ ሕነ ከምዘይትፈዲ ዘመልክት ሓበሬታ ከምዝሃበት ተገሊጹ፡፡

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ናብ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ 'ኢስፋሃን' ከምኡ ድማ 'ጣብሪዝ' ኣብ ዝብሃላ ከተማታት ኢራን ብርቱዕ ደምጺ ነትጉ ድሕሪ ምስማዑ እዩ፡፡

ሰበስልጣን ኣመሪካ፡ እቲ ዝተፈጥረ ነትጉታት፡ እስራኤል ኣብ መደበር ሓይሊ-ኣየር ኢስፋሃን ብዘጻመቶ መጥቃዕቲ ሚሳይል ዝተዓበ ከምዝኸኑ ክገልጹ እንከለው፡ ሰበስልጣን ኢራን - እቲ ነትጉታት ኣብ'ቲ ከባቢ ተዋዲዱ ዝርከብ ጸረ-ነፈርቲ ኣብ ሰማይ ንዝተራእያ ድሮናት ጸላኢ ክወቅዕ ኢሉ ብዝተኮሶ ሚሳይላት ዝተዓበ ምዃኑ ብምሕባር፡ እቲ በሰበስልጣን ኣመሪካ ዝተዋህበ መግለጺ ነጺጎም፡፡




ኣብ'ቲ ህሞት ሓያለ ድሮናት ብጸረ-ነፈርቲ ኢራን ተወቒዐን ከምዝወደቓ ዝሓበሩ ሰበስልጣን ኢራን፡ ኣብ ኣውራጃ ኢስፋሃን ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ንኩሌርዊ መሳለጥያታት ዝርከቦ ኣገደስቲ መሳለጥያታት ዝወረደ ዝኾነ ይኹን ጉድኣት ከምዘየለ ኣፍሊጦም፡፡

ሰበስልጣን መንግስቲ ኢራን፡ ነተን ድሮናት "ሰሊኹን ዝኣተዋ" ካብ ምባል ሓሊፎም፡ ብዛዕባ እስራኤል ኣብ ወሽጢ ሃገሮም መጥቃዕቲ ምፍጻማን ዘይምፍጻማን ዝኾነ ሓበሬታ ኣይሃቡን ዘለው፡፡

በቢ ከም ዛጊት ኣገዳሲ እስራኤል ዳግማይ ሕነ ናይ ምፍዳይ መደብ ከምዘይብሎም ገሊጾም፡፡

እስራኤል እውን ዛጊት ኣብ'ቲ ዝበሃል ዘሎ መጥቃዕቲ ኢዱ ከምዘለዋ ዘመልክት ወግዓዊ መግለጺ ኣይሃበትን ዘላ፡፡

ነቲ ኢራን ብ13 ሚያዝያ ኣብ እስራኤል ብልዕሊ 300 ሚሳይላትን ድሮናትን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ - ተረር ግብረ-መልሲ ክወሃቦ ክጽውዕ ዝጸንሐ ሚኒስተር ሃገራዊ ድሕነት እስራኤል - ኢታማር በን ግቪር፡ ነቲ ናይ ትማሊ ዓርቢ መጥቃዕቲ "ናይ ቀሪያት ስጉምቲ" ክብል ኣገጺሩ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ኔታንያሁ ዝቖፀ ወፍሳ ኣመሓላሊፉ፡፡

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ ኣንቶንዮ ታጃኒ "ኣመሪካ - ብዘይ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ኣብ መወዳእታ ሰዓት ሓበሬታ ከምዝረኸበት፡ ንሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ሃገራት ጉጅለ-7 ገሊጻ" ብምባል፡ እቲ መጥቃዕቲ ብእስራኤል ከምእተፈጸመ ዘመልክት ሓበሬታ ሂቡ፡፡

እዚ ኩነት እቲ ግን እቲ ኩነታት ከይተዘዛረ ምትራፉ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሓደሽ ኩናት ከይወላዕ ብሓያላ ሃገራት ክካየድ ዝቐየ ጸዑቕ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታታት ምዃኑ፡ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይ'ቲ ዞባ ይሕብሩ፡፡

## ተወሳኺ

ኣብ ኒውዚላንድ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሓደ ደዑል ንኽልተ ሸማግለታት መጻምድቲ ኣጥቂዑ ብምቕታሉ፡ እቲ ፍጻሜ ኣብ'ታ ሃገር ኣዘራቢ ዛዕባ ኮይኑ ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ እታ ሃገር ገሊጸን፡፡

ኣፈኛ ፖሊስ ኒውዚላንድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም ኣብ 80ታት ዕድመ ዝርከቡ መጻምድቲ - ኣብ'ቲ ኣጣሪያም ዝዳናጉንሉ ዛራብ ሞይቶም ከምእተረኽቡ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እቲ ብርእሱ ጉዲዩ ዝቐተሎም ጊዜፍ ደዑል ኣብ ጉድናም ጠጠው ኢሉ ከምዝጸንሐ ኣረዲኡ፡፡

ካልእ ሰብ እውን ኣብ'ቲ ህሞት'ቲ በቲ ደዑል ተጠቒዑ መጠናዊ ጉድኣት ከምዝበጽሖ ዝሓበረ እቲ ኣፈኛ ፖሊስ፡ ተወሳኺ ሓደጋታት ከየስዕብ ብምስጋእ - ኣባላት ፖሊስ ብጥይት ከምዝቐተልዎ ኣፍሊጡ፡፡



## ኣመሪካ፡ ንሕቶ 'ምሉእ ኣባልነት ፍልስጤም ኣብ ሕቡራት ሃገራት' ተቓዊማቶ

ሒ.መ.ኣመሪካ፡ ፍልስጤም ምሉእ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኽትከውን 'መንገዲ ዝጸርግ' ተባሂሉ ክቐርብ ዝጸንሐ እማመ ከምዝነጸገቶ ተሓቢሩ፡፡

እቲ እማመ ብደምጺ ክጸድቕ ዝሓለፈ ዓርቢ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት'ኳ ቀሪቡ እንተነበረ፡ ኣመሪካ ናይ ቀውፊ መሰላ ተጠቒማ ከምዝፍሽለቶ እዩ ዝገለጽ ዘሎ፡፡

ኣብ'ቲ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ናይ ክትዕን ድምጺ ናይ ምሃብን መስርሕ፡ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ድምጺ ካብ ምሃብ ክቕጠባ እንከለዋ፡ ሩስያን ቻይናን ዝርከብኦን 12 ቀወምቲ ተቓረርቲን ኣባላት ናይ'ቲ ባይቶ ግን ነቲ እማመ ከምዝደገፍኦ ክፍለጥ ተኻኢሉ፡፡




ልኡኽ ኣመሪካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ሮበርት ወድ ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ምሉእ ኣባል ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ናጻ ሃገረ ፍልስጤም እትምስረተሉ እኹል መንገዲ፡ ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያንን ብዝፍጠር ናይ ልዝብ መደረኽ ድኣ'ምበር፡ ብመንገዲ ሕቡራት ሃገራት ኣይኮነን" ክብል ገሊጹ፡፡

ልኡኽ እስራኤል ኣብ'ቲ ውድብ እውን ነታ ቀዋሚ ህዝቢ፡ ንጹር ዶብትን መንግስቲን ከምዘይብላ ዝገለጸ ፍልስጤም፡ ንመማዝኖታት ሕቡራት ሃገራት ከተማልእ ከምዘይክኣለት ኣረዲኡ፡፡

ፍልስጤም፡ መበል 193 ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ምዃን ድሌታ ብኣመሪካ ድሕሪ ምቕጻዩ፡ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ርእሰምምሕዳር ፍልስጤም ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ኣመሪካ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ዘይርትዓዊ፡ ዘይስነ-ምግባራውን ዘይፍትሓውን እዩ" ክብል ተቓውሞኡ ብትሪ ኣስሚዑ፡፡

ካብ 2012 ኣትሒዛ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ተዓዛቢት መንበር ሒዛ ዘላ ፍልስጤም፡ ምሉእ ኣባል'ቲ ውድብ ክትከውን እንተድኣ ኮይና፡ ካብ ባይቶ ጸጥታ ምሉእ ደገፍ፡ ካብ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ድማ ክልተ ሰሶ ደገፍ ክትረክብ ከምዝድልያ ጸብጻባት የገንዝቡ፡፡

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 20/04/2024 | ጎደና ማ.ት.ኣ -176 ቁ. 25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services